# ኢንድ ወጋሕታ

4ይ ዓመት ቑፅሪ 20 19 መጋቢት 2016 ዓ.ም

ሓሙስ

ብር 10.00





# ዲጂታል ኢትዮጵያ ንፈጠራ ብምድጋፍን ኩነታት

## ብምምችቻውን ኣብ ኢኮኖሚ ዓቕሚ ፈጢሩ 'ዩ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ዲጂታል ኢትዮጵያ ንምህዞ ብምድጋፍን ዘኽእል ኩነታት ብምፍጣርን ንዲጂታል ኢኮኖሚ ዓቕሚ ከምዝፈጠረ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ገሊፆም። ኣብዚ ዓመት ንመጀመርታ ግዜ ዲጂታላዊ ክፍሊት ካብ ጥረ ገንዘብ ምብላፁ 'ውን ገሊፆም።

ዲጂታል ኢትዮጵያ 2025 ናይ ማእኸላይ ዘመን ገምጋም ብቕድሚ ትማሊ እንትካየድ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብቲ መድረኽ ከምዝገለፅዎ፣ ዲጅታል ኢትዮጵያ ንሰባት ብምድጋፍን ዘኽእል ኩነታት ብምፍጣርን ኣብ ዲጂታል ኢኮኖሚ ዓቕሚ ፈጢሩ፡፡

ጉዕዞ ዲጂታል ትራንስፎርሜሽን ካብ እንጅምር ከም

ዲጂታል ... ገፅ 6

# ዘይሕጋዊ ስደት መናእሰይ ትግራይ ማሕበራዊ ቕልውላው እናፈጠረ 'ዩ

**ሄርሞን ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ዘይሕጋዊ ስደት መናእሰይ ክልል ትግራይ ማሕበራዊ ቕልውላው እናፈጠረ ከም ዝርከብ ቢሮ ጉዳይ መናእሰይ ክልል ትግራይ ኣፍሊጡ፡፡

ሓላፊ ጉዳይ መናእሰይ ክልል ትግራይ ኣይተ ሓይሽ ስባጋድስ ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከም ዝበልዎ፤ድሕሪ ስምምዕነት ሰላም መናእሰይ ትግራይ ብኽልተ ኹነታት ምርኣይ ይከኣል፡፡ እቲ ሓደ ናብ ዓብዪ ስግኣት ዘእትው ስደት ዝገብር መናእሰይ እንትኸውን፤ብኣንፃሩ ድማ ዕድል ስራሕ ፈጢሮም ፅቡቕ መርኣያን ተስፋ ዝኾኑ ውሑዳት መናእሰይ ተፈጢሮም 'ዮም፡፡

ስደት መናእሰይ ሓዱሽ ከም ዘይኮነ ዝገለፁ እቶም ሓላፊ፤ኾይኑ ግና ኣብዚ ሐዚ እዋን እቲ ዝግበር ዘሎ ስደት ኣዝዩ ዝገደደን መልክዑ ዝቐየረን ምኳኑ ዘተሓሳስብ 'ዩ ኢሎም፡፡

እቲ ስደት ዝፈጥሮ ዘሎ ማሕበራዊ ቕልውላው እንትገልፁ፤ ብፍላይ ኣብ ጅቡቲ፣ የመንን ስዑዲን ምስ በፅሑ ዝግበር ዘሎ ግፍዕታት መስካሕከሒ 'ዩ፡፡በዝሒ ገንዘብ ንክኸፍል ናብ ቤተሰብ ስልኪ እናተደለ ስቅያት ክሰምዑ ይግበር በዚ ምኽንያት ድማ ዘለዎም ጥሪትን ገዛን ንክሸጡ ይግደዱ፤ብዙሕ ቑፅሪ ዘለዎ መንእሰይ ኣብ

ዘይሕጋዊ ... ገፅ 6



ዶክተር ኣረጋዊ በርሀ

# ህዝቢ ኣብ ግድብ ኣባይ ዝገብሮ ዘሎ ተሳትፎ ኣጣናኺሩ ክቕፅሉ ፃውዒት ቐሪቡ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ደገን ውሽጥን ዝርከብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ኣባይ እናገበሮ ዝመፀ ብርቱዕ ተሳትፎ ሕዚ 'ውን መሊኡ ክሳብ ዝዛዘም ተሳትፍኡ ኣጣናኺሩ ክቕፅሉ ቤት ፅሕፈት መተሓባበሪ ህዝባዊ ተሳትፎ ዓብዪ ግድብ ህዳሰ ኢትዮጵያ ፃውዒት ኣቕሪቡ፡፡

ዋና ዳይሬክተር ቤት ፅሕፈት መተሓባበሪ ህዝባዊ ተሳትፎ ዓብዪ ግድብ ህዳሰ ኢትዮጵያ ዶክተር ኣረጋዊ በርሀ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብዝነበሮም ፃኒሕት ከምዝገለፅዎ፤ ህዝቢ ኢትዮጵያ እቲ ግድብ ካብ ዝጅመር

ህዝቢ ኣብ ... ገፅ 6

# ዓቕሚ ፖሊስ ክልል ትግራይ ንምዕባይ ፍሉይ ትኹረትን ደገፍን ይወሃብ ኣሎ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ዩኒቨርስቲ ፖሊስ ኢትዮጵያ ንፖሊስን ኣመራርሓ ክልል ትግራይ ዓቕሞም ብምዕባይን ተበፃሕነት ግልጋሎት ሕብረተሰብ ስሉጥን ውፅኢታውን ንምግባር ፍሉይ ትኹረትን ደገፍን ይህብ ከምዘሎ ኣፍሊጡ።

ዩኒቨርስቲ ፖሊስ ኢትዮጵያ ምስ ዓለም ለኸ ኮሚቴ ቀይሕ መስቀል ብምትሕብባር "ግደ ኣመራርሓ ኣብ ውፅኢታዊ ኣገልግሎት ፖሊስ" ብዝብል ርእሲ ንኣመራርሓ ፖሊስ ክልል ትግራይ ካብ 16 መጋቢት ጀሚሩ ን5 ተኸታተልቲ መዓልታት ኣብ ከተማ መቐለ ስልጠና እናሃበ ይርከብ።

እዚ ስልጠና ካብ ወረዳ ክሳብ ኮሚሽነር ፖሊስ ክልል ዘለዎም ሓለፍቲ ናይ ኣመራርሓ ዓቕሚ ንምምሕያሽን ፖሊስ ንማሕበረሰብ ዝህቦ ግልጋሎት ንምምሕያሽን ዝዓለመ ምኳኑ ተገሊፁ ኣሎ።

ዓቕሚ ፖሊስ ... ገፅ 6



**"ምሉእነት ኢትዮጵያ ክረጋገፅ ዝኽእል ኩሉ እምነት፣ ባህልን ታሪኽን ብማዕረ እንትቕመጥ 'ዩ"**

- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ(ዶ/ር)

ገፅ 4

**‹‹ስራሕቲ ግድብ ኣባይ ብጥንካረ መንግስቲን ህዝቢን እናተዛዘመ ይርከብ››**

- ዶክተር ኣረጋዊ በርሀ

ገፅ 5

ወጋሕታ **ዜና**

# “ሰብ ሃፍቲ ሙስና ዝፅየፍ ማሕበረሰብ ንምፍራይ ብፅሒትኩም ክትዋፅኡ ይግባእ”

*- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶር)*

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ :- ሰብ ሃፍቲ ሙስና ዝፅየፍን ብተኣማንነት ምግልጋል መትከል ዝገበረ ማሕበረሰብ ንምፍራይ ብፅሒትኩም ክትዋፅኡ ይግባእ ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶር) ገሊፆም።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣብዚ ሰሙን ምስ እሙናት ላዕለዎት ኸፈልቲ ግብሪ ኣብ ዝገበርዎ ዘተ፤ ሙስናን ሌብነትን ዝፅየፍን ብተኣማንነት ምግልጋል መትከል ዝገበረ ማሕበረሰብ ንምፍራይ ብፅሒትኩም ክትዋፅኡ ይግባእ ኢሎም።

ስልጣን መንግስቲ ሒዙ ንሰብ ሃፍቲ መኪና ግዝኡለይ፣ ገዛ ግዝኡለይ ደቀይ ኣምሁሩለይ እናበለ ዝሓትት ሰብ ከም ሰላማውን ፀገም ዘይብሉ ሰብ ምቅባሉ ግቡእ ኣይኮነን ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ እዚ ድማ ሙስናን ሌብነትን ካብ ምጥፋእ ንምስፍሕፋሕ ምኽንያት ‘ዩ ዝኸውን ኢሎም።

ከም ገለፃ ቀዳማይ ሚኒስትር፣ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ስርሖም ብግቡእ ኣይሰርሑን ዝብል ሓሳብ ብተደጋጋሚ ይልዓል ‘ዩ። ነዚ ተረዲእና ኣሚንናን ምምሕያሽ ሲቪል ሰርቪስ ንምግባር ናብ ምእራም እንትንኣትው ብብሄር፣ ብእምነት፣ ብፖለቲካን ብኻሊእ ነገር ዘሎ ዘወፍሪ ኸቢድ ክብሉ ተዛሪቦም።

ሰብ ሃፍቲ ኣብዚ ጉዳይ ብምጭካን ሙስና ብምቅላስ ሰብ ኣብ ዝተዋፈረሉ ዓውዲ ኹሉ ብተኣማንነት ከገልግል ኣለዎ ዝብል መትኸል ምምሃር ትፅቢት ይግበረልኩም ክብሉ ኣረዲኦም።

ኣብዛ ሃገር ህንፀት መሰረተ ልምዓትን ዘላቒ ሰላምን ክሰፍን ኣለዎ ዝተብሃለ ግቡእ ምኺኑ ብምልዓል፤ ካብ መንግስቲ ዝርከብ ኣታዊ ጥራሕ ሰላም ምስፋን ኮነ ህንፀት መሰረተ ልምዓት ዘይሕሰብ ብምኻኑ ኩሉ ሰብ ብፅሒቱ ክዋፃእ ከምዝግባእ ኣፍሊጦም።

ናብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዝተሰደዱ ሰብ ሃፍቲ ናብ ሃገርኩም ተመለሱ እንትንብል ዝሰረሕናዮ ስራሕ ክፍለጠልና ‘ዩ ኢሎም ስለዝፈርሑ ክምለሱ ኣይደልዩን ዝበሉ ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ኣንሕና ከም መንግስቲ ኣብዚ ክልል ጎንፂ ስለዘሎ ውፅኡ ኢልና ካብ ሃገር ዘውፃእናዮ ሓደ በዓል ሃፍቲ የለን ክብሉ ተዛሪቦም።

ግብሪ ብዝምልከት ኢትዮጵያ ካብ ግብሪ ክትረኽቦ ዝግባእ ኣታዊ እንተዘይረኺባ እቲ እንሓስቦ ብልፅግና ክነዕውቶ ኣይንኽእልን ኢልና ብዝሓት ሕግታት ናይ ምምሕያሽን ምስ ቴክኖሎጂ ናይ ምርኻብ ስራሕ ሰሪሕና ኢና ኢሎም።

በዚ’ውን ኸፈልቲ ግብሪ ምስ ኣመራርሓን ሰብ ሞያን ከይተራኸቡ ብዲጂታል ኣማራፂ ምኽፋል ምኽኣሉ ኣልዒሎም። ኣብ ዝሓለፉ ኣርባዕተ ዓመታት ኣታዊ ግብሪ ንምዕባይ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ኸፈልቲ ግብሪ ፌደራል ካብ 40 ሽሕ ናብ 61 ሽሕ ምዕባይ ምኽኣሉ ኣመላኺቶም።

ከም መብርሂ ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ኣብ 2010 ዓ.ም መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝኣከቦ 235 ቢሊዮን ብር ኣብቲ እዋን



ብኣንፃር ካብ ዝነበረ ሓፈሻዊ ምህርቲ እታ ሃገር ልዕሊ 10 ብሚእቲ ‘ዩ። ኣብ 2015 ዓመት በጀት ድማ 557 ቢሊዮን ብር ተኣኪቡ ‘ዩ።

እዚ ቁፅሪ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ብጥረ ገንዘብ ካብ ዝተኣከበ ብዕፅፊ ዝወሰኸ እንተኾነ’ውን ሐዚ’ውን ካብ ሓፈሻዊ ሃገራዊ ምህርቲ ትሽዓተ ትሪሊዮን ብር ዝፅጋዕ ‘ዩ። ካብ ትሽዓተ ትሪሊዮን 11 ብሚኢቲ ‘ኳ ግብሪ ተንእክብ ሓደ ትሪሊዮን ብር ክንእክብ ኣለና ኢሎም። ስለዝኾነ ምምሕዳር ግብሪ ብምምሕያሽ ኩሉ ብተኣማንነት ግብሩ ክኸፍል ኣለዎ ክብሉ ተዛሪቦም።

ሕጊ ኣኽቢሩ ግቡእ ግብሪ ምኽፋል ባህሊ ዝገበረ ማሕበረሰብ ብዘይምህላው፣ ግብሪ ምትላላል ከም ሌብነት ዘይምርኣዩ ፤ ዝተጭበርበረ ግብሪ ናይ ምኽፋል ዓቅሚ ዘይምህላውን ከምኡ’ውን ግልፂ ኣሰራርሓ ዘለዎን ሰባት ግብሮም ብተኣማንነት ንክኸፍል ዘየበረታትዕን ብቅዓት ዘለዎ ተቋም ዘይምፍጣርና ኢትዮጵያ ካብ ግብሪ ክትረኽቦ ዝግባእ ኣታዊ ንከይትረከብ ምኽንያት ምኻኑ ኣረዲኦም።

ኣብ ኢትዮጵያ ሓፈሻዊ ሃገራዊ ምህርቲ 30 ብሚኢቲ ብፅሒት ዘለዎ ከምኡ ‘ውን ትራክተር፣ ማዳበሪያ፣ ሰብ ሞያ ግብርና፣ ምሩፅ ዘርኢን ካልኦትን እታወታት ትፅቢት ዝግበረሉ ግብርና ዝኾነ ዓይነት ግብሪ ኣይኸፍልን ክብሉ ንኣብነት ኣልዒሎም።

ልቃሕ ውሽጢ ሃገር ብዝምልከት መንግስቲ ኣብ 2011 ዓ.ም ጀሚሩ ክሳብ 2015 ዓ.ም ጥራሕ ንውልቀ ሴክተር ዝውሃብ ልቃሕ ካብ 45 ብሚእቲ ናብ 86 ብሚእቲ ከምኡ ‘ውን ካብ 236 ቢሊዮን ብር ናብ 545 ቢሊዮን ብር ምዕባዩ ብምግላፅ ፤ እዚ ዘርኢ እቲ ዝውሃብ ልቃሕ ምንኣሱ ዘይኮነስ ነሃትኩም ድልየት ምዕባዩ ‘ዩ ኢሎም።

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተጀመረ ብልምዓት ኮሪደር ዝፈርሱ ገዛውቲ፣ ሓፁራት ቤት ዕዮታትን ብዘርኢ፣ እምነት፣ ብሄርን ፖለቲካን መሰረት ዝግበሩ ዘይኮኑስ ኢትዮጵያንን ኣዲስ ኣበባን ንምህናፅ ዓላማ ዝግበረ ምኻኑ ምርዳእ ከምዝግባእ ኣረዲኦም።

# “ኣብ ጎኒ ሰራዊት ምክልኻል ደው ምባል ምስ ኢትዮጵያ ደው ምባል ‘ዩ”

*- ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላ*

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ:- ኣብ ጎኒ ሰራዊት ምክልኻል ደው ምባል ምስ ኢትዮጵያ ደው ምባል ምኻኑ ጠቅላሊ ኢታማዦር ሹም ሓይልታት ውግእ ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላ ገሊፆም።ንዕብየት ኢትዮጵያ ሓሊዉ ናብ ቐፃሊ ወለዶ ዘመሓላልፍ ሰራዊት ምክልኻል ተሃኒፁ ኢሎም፡፡

ኣብ ሓቃዊ ታሪኽ ሰራዊት ምክልኻል ዝተመስረተ ፊልም “ስለ እናት ምድር” ኣብ ሙዝየም መዘከርታ ዓወት ዓድዋ እንትምረቕ ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላ ከምዝገለፅዎ፤ ኣብ እዋን ኲናት ሰሜን ሰራዊት ምክልኻል ስነ-ስርዓት ኲናት ኣኽቢሩ ‘ዩ ተዋጊኡ። እቲ ፊልም ‘ውን ነዚ ሓቂ ‘ዩ ዘርእይ።



ኣብ ጎኒ ሰራዊት ምክልኻል ደው ምባል ማለት ምስ ኢትዮጵያ ደው ምባል ማለት ‘ዩ ዝበሉ ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ፤ እቲ ፊልም ሰራዊት ምክልኻል ናይ ኢትዮጵያ ናይ መወዳእታ ዋልታ ምኻኑ ዘረጋግፀ ‘ዩ። ሰራዊት ምክልኻል ኹሉ ግዜ ታሪኽ ይሰርሕ፤ ታሪኹ ‘ውን ይስነድ ኢሎም።

ምስ ሰራዊት ምክልኻል ምስራሕ ኽብሪ ‘ዩ ዝበሉ እቶም ፊልድ ማርሻል፤ ኹሉ ሃፍቲ ዘፍርይ ዶብ ሃገር በቲ ጅግና ሰራዊት ምክልኻል ስለዝሕለው ‘ዩ። ሰራዊት ምክልኻል ንሉኣላዊነት ኢትዮጵያን ቤዛ ኹሉ ኢትዮጵያዊን ‘ዩ። ሰራዊት ምክልኻል ኣሎ ማለት ሃገር ኣሎ ማለት ‘ዩ። ብኣንፃሩ ሰራዊት ምክልኻል እንተዘይሃልዩ ሃገር ከምዘይህልው ገሊፆም።

ከም ገለፃ እቶም ፊልድ ማርሻል፤ ሰራዊት ምክልኻል ኣብ ሰሜን ኣብ ዝነበረ ኲናት ስነ-ስርዓት ኲናት ኣኽቢሩ ‘ዩ ተዋጊኡ። እቲ ኲናት ንኸተማታትን ዜጋታትን ካብ ኲናት ወፃኢ ብምግባር ‘ዩ ተኻይዱ። በዚ ‘ውን ዝዓነወ ከተማ ኣይነበረን ኢሎም።

ካብ ስነ-ስርዓት ኲናት ወፃኢ ንዝኾኑ ወታደራት ‘ውን ብሕጊ ንኽሕተቱ ተገይሩ ‘ዩ። ኾይኑ ግና ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ምክልኻል ዝተነዝሐ ፕሮፖጋንዳ ነዚ ዘገናዘበ ከምዘይኮነ ኣዘኻኺሮም።

ዓለም ለኸ ማሕበረሰብ ‘ውን ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ምክልኻል ብዝለዓለ ኹነታት ከምዝዘመተ ዝተዛረቡ እቶም ፊልድ ማርሻል፤ ፊልም “ስለ እናት ምድር” ምሉእ ብምሉእ እንተዘይኾነ ‘ውን ስነ-ስርዓትን ሓቅን ሰራዊት ምክልኻል ዘርእይ ‘ዩ። ካብ ሃገር ወፃኢ ‘ውን ኣብ ሎስ ኣንጀለስ ንህዝቢ ብምርኣይ ውፅኢት ከምዝተረኸበሉ ተዛሪቦም።

“ኣብ ጎኒ ... ገፅ 4

# “ቐፃሊ ልእኽቶ ፓርቲ ብልፅግና ኣብ እዋን ዘተ ዝተልዓሉ ሕቶታት ህዝቢ መልሲ ንክረኽቡ ምግባር ‘ዩ”

*- ኣይተ ኣደም ፋራህ*
*ምክትል ፕሬዚዳንት ፓርቲ ብልፅግና*

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ:- ቐፃሊ ልእኽቶ ኣመራርሓታትን ኣባላትን ፓርቲ ብልፅግና ኣብ እዋን ዘተ ንዝተልዓሉ ኣብ ሓፂር ግዜ ክምለሱ ዝግብኦም ሕቶታት ህዝቢ መልሲ ንክረኽቡ ምግባር ምኻኑ ምክትል ፕሬዚዳንት እቲ ፓርቲ ኣይተ ኣደም ፋራህ ገሊፆም።

ጨንፈር ፓርቲ ብልፅግና ከተማ ኣዲስ ኣበባ መዛዘሚ ኮንፈረንስ ኣብ ዘካየደሉ ግዜ ኣይተ ኣደም ፋራህ ከምዝገለፅዎ፤ ቐፃሊ ልእኽቶ ኣመራርሓታትን ኣባላትን እቲ ፓርቲ ኣብ ኣብ ኹሎም ከባቢታት ኣብ ዝተገበሩ ዘተታትን ቀዳማይ ሚኒስትር ካብ ዝተፈላለዩ ክልላት ምስ ዝተውፃእፅኡ ክፍልታት ሕብረተሰብን ኣቦታት ሃይማኖትን ኣብ ዝመኸሩሉ እዋንን ንዝተልዓሉ ግዜ ዘይህቡ ሕቶታት ህዝቢ ግቡእ ምላሽ ንክረኽቡ ምግባር ‘ዩ።



ኣብ ኹሎም መድረኻት ንዝተልዓሉ ሕቶታት እቲ ፓርቲ ብሓሙሽተ መልክዑ ከምዝርእይ ዝገለፁ ኣይተ ኣደም፤ እቲ ፈላማይን ዓብዩን ምስ ሰላም ተተሓሒዙ ዝተልዓለ ምኻኑ ገሊፆም፤ ኣብቲ ዘተ ኣብ ሃገርና ዝተማልአ ሰላም ንኸረጋገፅ መንግስቲ ተርኡ ንኽፃወትን። ህዝቢ ‘ውን ሓላፍነቱ ንኽዋፃእን ድልውነት ከምዘርአየ ተዛሪቦም።

እቲ ፓርቲ ኣብ ሃገርና ዘላቒ ሰላም ንምርግጋፅን ጎንፅታት ብሰላም ንምዝዛምን ብዝተጀመረ ኣግባብ ፃዕሩ ኣጠናኺሩ ብምቕፃል ፍታሕ ዝርከበሉ ኩነታት ንምፍጣር ኣንፈታት ከምዘቐመጠ ገሊፆም።

ከም ገለፃ ኣይተ ኣደም፤ ጎንፂ ኣብ ዘለዎም ከባቢታት ዜጋታት ማሕበራዊ ሰላሞም ስኢኖም ደቆም ምምሃርን መዓልታዊ ንጥፈታቶም ምስራሕን ኣይከኣሉን። እቲ ፀገም ንኸፍታሕ ዝደልዩ ሽማግለታት ዓዲ፣ ኣቦታት ሃይማኖትን ውሩያት ውልቀሰባትን ተሳቲፎምሉ መንግስቲ ‘ውን ብፅሒቱ ተዋፂኡ ፀገማት ብሰላም ዝፍትሕሉ ኩነታት ክፍጠር ኣለዎ።

ቅድሚ ሕዚ ነቶም ጎንፅታት ንምፍታሕ ዝተፈላለዩ ፃዕርታት ከምዝተገበሩ ኣዘኻኺሮም፤ ከምቲ ንኢትዮጵያ ሰናይ እናተመነዩ ዝንቀሳቐሱ ዘለዉ ብሽም ኣደራዳራይነት እቲ ጉዳይ ብዝበለፀ ንክተሓላለኽ ንምግባር ዝፅዕሩ ኣካላት ‘ውን ብምህላዎም ህዝቢ ዕድል ክህቦም ከምዘይግባእ ኣገንዚቦም።

ሓይልታት ፀረ-ሰላም መሰልን ረብሓን ህዝቢ ምኽባር ዘይኾነና ማሕበራዊ ዕረፍቲ ህዝቢ ብምኽላእ እከይ ዕላምኦም ናይ ምስኻዕ ድልየት ከምዘለዎም ዘልዐሉ ኣይተ

“ቐፃሊ ልእኽቶ ... ገፅ 4

# ፅገና ተርባይናት ሓይሊ ኤሌክትሪክ ንፋስ ኣሸጎዳ ይፅገን ኣሎ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

መቐለ:- ዘይተቆራረፀ ሓይሊ መብራህቲ ንማሕበረሰብ ተበፃሒ ንምግባር ስራሕቲ ፅገና እናካየደ ከምዝርከብ ኣካያዲ ስራሕ መፈልፈሊ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ንፋስ ኣሸጎዳ ኣይተ ከሓሰ ፀሃየ ገሊፆም።

ኣይተ ከሓሰ ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፣ብምኽንያት ዝነበረ ኹናት ልዑል ዝባሃል ሌብነት ኣጋጢሙ እንተነበረ ‘ውን ምስ ነበርቲ ማሕበረሰብን ኣብቲ ከባቢ ምምሕዳር ወረዳ ርክብ ብምፍጣር እናተቀረፈ ‘ዩ ፤ እዚ ድማ እቲ ማሕበረሰብ ባዓል ቤትነት ተሰሚዕዎ እቲ ጣብያ ብትኹረት እናሓለዎ ይርከብ ::

ቴክኖሎጂ ካብ ምዝማን ኣንፃር ዓቅሚ ሰራሕተኛ ንምዕባይ ከም ትካል ስልጠና ብምሃብን ነኒባዕሉ ብምትሕግጋዝን ዓብይ ስራሕ ህንፀት ዓቅሚ ተሰሪሑ ‘ዩ ዝበሉ እቶም ኣካያዲ ስራሕ፤ ሓገዝ ወፃኢ ዓዲ ከይኣተዎ ብናይ ዓርስና ዓቅሚ ምስራሕ ምኽኣሉ ድሕሪ ኸዚ ንዝስርሑ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ‘ውን ልምዲ ዘዕቢ ‘ዩ ኢሎም።

እቲ ዓብይ ፀገም ሕፅረት መለዋወጢ ኣቁሑ ‘ዩ ዝበሉ ኣይተ ከሓሰ፣ እዚ እንድሕር ዘይተቀሪፉ ኣብ ስራሕ ዓብይ ዕንቅፋት እናፈጠረ ‘ዩ ፡፡እዚ ድማ ትኹረት ገይርና ኣብ ከይዲ ፍታሕ ክነምፅእ እናሰራሕና ኢና ኢሎም።

ኣብ ትግራይ ዝርከብ መፈልፈሊ ሓይሊ ኣብ 2002 ዓ.ም ቨርነይ ብዝተብሃለ ኩባንያ ፈረንሳይ ናብ ስራሕ ዝኣተወ እንትኸውን ኣብ 2005 ዓ.ም ተመሪቑ ምፍልፋል ሓይሊ ከምዝጀመረ ዝገለፁ ኣይተ ከሓሰ፣ጣብያ ኤሌክትሪክ ንፋስ ኣሸጎዳ ብሓፈሻ 84 ተርባይናት እንትህልውዎ ካብዚኦም ውሽጢ እቶም 30 ተርባይናት በዓል 2 ክንፊ እንትኾኑ ሕድሕዶም ሕድሕዶም ሜጋዋት ሓይሊ ምፍልፋል እንትህልዎ ፤ እቶም 54 ተርባይናት ድማ ባዓል 3 ክንፊ ሕድ ሕዶም 1.67 ሜጋዋት ዓቅሚ ምፍልፋል ከምዘለዎምን ብሓፈሻ እቲ ጣብያ 120 ሜጋዋት ሓይሊ ናይ ምፍልፋል ዓቕሚ ኣለዎ ክብሉ ኣረዲኦም።



ኣይተ ከሓሰ ፀሃየ

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ብሕብረት ኪኢልና!

ቅድሚ 13 ዓመታት 24 መጋቢት 2003 ዓ.ም ብነበር ቀዳማይ ሚኒስትር መለስ ዜናዊ እምነ ኩርናዕ ተቐሚጡ ስራሑ ዝጀመረ ግድብ ኣባይ ኣብ መዘዛዘሚ ምዕራፍ ይርከብ። እዚ ግድብ ብህዝብን መንግስት ከምዝስራሕ፤ዓቕሚ ውሽጢ ዓዲ ብምጥቃም ከምዝህነፅ፤ካብ ዝኾነ ኣካል ሓገዝን ደገፍን ከምዘይብሉ ተገሊፁ ህዝቢ ኣብ ዙርያ ህንፀት እቲ ግድብ ክረባረብ ፃዊዕት ከምተገበረ ይዝከር። በዚ’ውን ኩሉም ህዝብታት ኢትዮጵያ ብሕብረት ኣብቲ ግድብ ዓሻራኦም ኣንቢሮም’ዮም።

ህንፀት እቲ ግድብ እንትካየድ ህዝብን መንግስትን ብሕብረት ብዘካየድዎ ዘይኽለል ፃዕሪን ኣብ ከይዲ ኣጋጢምዎ ዝነበረ ፀገም’ውን ድሕሪ ለውጢ ዝመፅአ መንግስቲ ብዝሃቦ ውሳነንን ብዝወሰዶ ስጉምቲ ህንፀት እቲ ግድብ ንከቕፅልን ካብ ደውታን ፀገምን ንከወፅእን ብምግባር ሐዚ ኣብ ምዝዛም ምዕራፍ ንክበፅሕ ገይርዎ ኣሎ።

መንግስቲ ብዛዕባ እቲ ግድብ ኣብ ዲፕሎማቲክ ዘፈር’ውን ከቢድ ፅዕንቶ መኪቱ፤መትከል ኢትዮጵያ ዝኾነ ናይ ሓባር ተጠቃሚነት ስዒሩ ንክወፅእ ብምግባር ኣብ ጉዳይ እቲ ግድብ ይግባር ዝነበረ ድርድርን ዘተን ብሕብረት ኣፍሪካ’ምበር ብኻልኦት ከምዘይኮነ ብምግባር’ውን ዓብይ ዓወት ዘመዝገበሉ’ዩ። እዚ’ውን ሕብረት እንትህልው ዘይከኣል ነገር ከምዘየለ መረጋገፂ’ዩ።

እቲ ግድብ ሐዚ’ውን ብምትሕብባር መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ እናተሰርሐ ከምዝርከብ ዝፍለጥ ‘ዩ። ክሳብ ሐዚ ህዝቢ 19 ቢሊዮን ብር ሓገዝ ገይሩ’ዩ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ድማ ህንፀቱ 95 ሚኢታዊ በፂሑ ኣሎ። ከፋፊልካ ክረአ እንተሎ እቲ ፕሮጀክት ዘካትቶ ከም ስራሕቲ ሲቪል ስራሕቲ፣ ኤሌክትሮ መካኒካልን ሃይድሮሊክ ስቲል ስትራክቸርን ህንፀት ዝመሳሰሉ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ኣለዉ። ሕዚ እቲ ህንፀት ኣብ ናይቲ ሲቪል ኢንጅነሪግ ናብ 98 ሚኢታዊ እናበፅሐ ‘ዩ። ናይ ሃይድሮሊክን ካልኦት ስራሕትን ድማ ቐስ ብቐስ ብጥንቓቐ እናተሰርሑ ስለዝኾኑ እኒዚኦም ድማ ካብቶም ካልኦት ብተወሰነ ደረጃ ትሕት ኢሎም ከባቢ 80 ሚኢታዊ በፂሖም ይርከቡ። ኮይኑ ግና ብሓፈሻ ብማእኸላይ ክረአ እንተሎ 95 ሚኢታዊ በፂሑ ይርከብ። እዚ ውፅኢት ዝተረኸበ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያን መንግስትን ብሕብረት ስለዝሰርሑ ብምኧኑ እዚ ሕብረት ኣብ ካልኦት ስራሕቲ’ውን ተጠናኺሩ ክቕፅል’ዩ።

እቲ ግድብ ከባቢ 42 ቢልዮን ሜትር ኪዩብ ማይ ሒዙ ይርከብ። እዚ ካብቲ ዝተተለመ 74 ቢልዮን ሜትር ኪዩብ መብዛሕትኡ መጠን እቲ ማይ ተታሒዙ ኣሎ። ክልተ ተርባይናት ኣብ ስራሕ ‘ዮም ዝርከቡ። ኣብ ቀረባ እዋን ድማ ከባቢ ሓሙሽተ ተርባይናት ስራሕ ክጅምሩ ‘ዮም። እዚ ኤሌክትሪክ ንመላእ ኢትዮጵያ ዝኸውን ኮይኑ ገሊኡ ድማ ናብ ጎረቤት ሃገራት ሱዳን፣ ኬንያን ጁብቲን ዝመሳሰላ ሃገራት እናተለኣኸ ‘ዩ። እቲ መስመር ኣብ ምዝርጋሕ ስለ ዝርከብ ናብ ታንዛንያን ደቡብ ኣፍሪካን ዝበላ ሃገራት ‘ውን ንምልኣኽ ትልሚ ኣሎ። ስለዚ እዚ ግድብ ዘለዎ ረብሓ ዓዝዩ ዓብይ ምኧኑ ምርዳእ ይግባእ።

ህዝቢ ካብ ብገንዘብ ካብ ዝገበሮ ሓገዝ ብተወሳኺ ኣብ ሓምላዋይ ዓሻራ ‘ውን እቲ ግድብ ብደለል ከይመልእ ብሰፊሑ እናተንቐሳቀሰ መፂኡ ‘ዩ። እዚ ስራሕ እዚ ብብርኪ ዓለምለኸ ሽልማት ‘ውን ዝተረኸበሉ ‘ዩ። ዕድመ እቲ ግድብ ነዊሕ ክኸውን ወይ ንመፃኢ ወለዶ ዝሰጋገር ክኸውን ናይ ምግባር ስራሕቲ እናተሰርሐ’ዩ ። እዚ ግድብ እዚ ካብ ፀልማት ናብ ብርሃን ዘሳጋግር ‘ዩ፤ ብዙሕ ኢኮኖሚያዊ፣ ፖለቲካዊን ማሕበራዊን ረብሓ ዘለዎ ‘ዩ። ነዚ ተሓሳቢ ብምግባር ‘ዩ ብትኹረት ዝስራሕ ዘሎ። ቐንዲ ቒልፊ ነገር ድማ ሓድነትን ሕብረትን ህዝቢ ‘ዩ።

ብሕብረት እንተተሰሪሑ ዝተደለየ ውፅኢት ወይ ዕቤት ንምምፃእ ዝኸብድ ኣይኮነን። ካብ ድሕረትን ድኽነትን ከንወፅእ ንኽእል ኢና። ሳላ ብሕብረት እናሰራሕና ዝመፃእና ክሳብ ሐዚ ዘሎ ውፅኢት ‘ውን ብዓይንና እናረኣና ኢና። ህዝቢ ብናይ በዓሉ ዓቕሚ ብዘይ ምንም ልቃሕ ኣብዚ ብርኪ እዚ ከብፀሖ ክኢሉ ‘ዩ። ህዝቢ ተተሓባቢሩ ሃገርና ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብፃሕ ዘፅግም ኣይኮነን። ሐዚ ድማ እቲ ዝቐረየ ሙሉእ ብሙሉእ ክዛዘም ህዝቢን መንግስቲን ብኹሉ መዳይ ምትሕብባሩ ኣጣናኺሩ ክቕፅል ይግባእ።


# ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል :- epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቐበሊ ምልሳይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ። ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ ኣይኮኑን።

## ኣብ ጂኦ- ፖለቲክስ ረብሓ ዘለዎ ግድብ

ኣብርሃ ሓጎስ

ታሪኽ ከምዝሕብረልና ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝነብሩ መራሕቲ ኢትዮጵያ ንሩባ ኣባይ ንምግዳብ ልዑል ድልየትን ፃዕሪን ነይርዎም ‘ዩ። ይኹን ‘ምበር ብድኑትነት ዓቕሚ ገንዘብ ብባዕሎም ክሰርሕዎ ኣይኸኣሉን። ንልዕሊ 50 ዓመታት ብናይ ደገ ልቃሕን ሓገዝን ንምግዳብ ብዙሕ ፃዕሪ እንተገበሩ ‘ውን ኣይኸኣሉን። ምኽንያቱ ድማ ታሪኻዊት ተንሓናሒት ዝኾነት ሃገረ ግብፂ ካብ ኢትዮጵያ ብዝሐሸ መልክዕ ኣብ ዓለም ለኸ ማሕበረሰብ ልዑል ፅዕንቶ ናይ ምፍጣር ዓቕሚ ስለዝነብራ ብልቃሕን ሓገዝን ንከይስራሕ ዕንቅፋት ኮይና ከምዝፀንሐት ‘ዩ ዝግለፅ። ነዚ ክትገብር ዝኸኣላ ድማ ስትራተጂካዊ ኣቀማምጣኣ ብዝፈጠረላ ዕድል ማለት ‘ውን ኣብ ሃገራት ማእኸላይ ምብራቕ ልዑል ጂኦ-ፖለቲካል ተፅዕኖ ናይ ምፍጣር ግደ ስለዘለዋን፤ ኣብቲ ከባቢ ካብ እስራኤል ቀፂላ ናይ ኣሜሪካ ስትራተጂካዊ መሓዛ ኮይና ክትስለፍ ስለዝኸኣለት ‘ዩ።

በዚ መንፅር ኣብ ሩባ ኣባይ ዝትለም ዝኾነ ይኹን ዓይነት ፕሮጀክት ግድብ “ግብፂ ከኽፍእ” ይኽእል ‘ዩ ተባሂሉ ስለዝሕሰብ ነዚ ዝኸውን ዝሕተት ናይ ደገ ልቃሕ ይኹን ሓገዝ ብነዊሕ ኢድ ፈተውታ ዝኾና ሓያላት ሃገራት ሕቶ ኢትዮጵያ ተቀባልነት ከይረክብ እናተገበረ ‘ዩ ፀኒሑ። ነዚ ዝተረድኡ ነበር ቀዳማይ መለስ ዜናዊ ብደፋር ውሳነ፤ “ንህንፀት እዚ ፕሮጀክት ዝኸውን ልቃሕ ኾነ ሓገዝ ካብ ደገ ክንረክብ ከምዘይንኽእል ስለእንፈልጥ ብናይ ባዕልና ዓቕሚ ክንሃንፆ ኢና” ብምባል ኩሉ ኢትዮጵያውን ፈታዊ ኢትዮጵያን ዝኾነ ዘሳተፈ መሸጣ ቦንድን ሓገዝን ብዕሊ ንክጅመር ብምግባር ቅድሚ 13 ዓመት ስራሕቲ ህንፀት ግድብ ዓብይ ህዳሴ ኣባይ 24 መጋቢት 2003 ዓ.ም ብዕሊ ንክጅመር ሰረት እምኒ ብምቕማጥ ሀሃ ኢሉ ንክጅመር ከምዝተገበረ ዝፍለጥ ‘ዩ።

ነዚ ዓብይ ግድብ ህንፀቱ ንምዕዋት ብቀደምነት ህዝቢ ትግራይ ሓዊሱ ብዘይ ዝኾነ ኣፈላላይ ሃይማኖት፣ ብሄርን ፆታን ሕድ ሕድ ኢትዮጵያዊ ዓሸራኡ ዘንበረሉ ነባሪ ታሪኽ ህንፀት ፕሮጀክት ግድብ ዓብይ ህዳሴ ኣባይ ድሕሪ ዝተፈላለዩ ብድሆታት ፀላእቲ ሃገራትን ካልእን እንተተጓተተ ‘ውን፤ ኣብ መበል 13 ዓመቱ ኣፈፃፅማ እቲ ፕሮጀክት 95 ሚኢታዊ ምብፅሑ ቤት ፅሕፈት መተሓባበሪ ዓብይ ግድብ ህዳሰ ኣብ ቀረባ እዋን ገሊፁ ‘ዩ።

ብተመሳስሊ ዓብዩ ግድብ ፕሮጀክት መፈልፈሊ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ህንፀቱ ኣብ ዝቅፅሉ ሸውዓተ ኣዋርሕ ውሽጢ ክዛዘም ‘ዩ። ሕድ ሕድ ተርባይናት 375ሜጋ ዋት ሓይሊ ኤሌክትሪክ ናይ ምፍልፋል ዓቕሚ ዘለዎም ክልተ ዩኒታት ብዝተፈላለዩ እዋናት ከምዝተገጠሙን ፤ ‘ቶም ዝተረፉ ተርባይናት መመንጨዊ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ኣብ ቐፃሊ ኣዋርሕ ተራ ብተራ ዝግጠሞም ብሓፈሻ ስራሕቲ ህንፀት ፕሮጀክት ዓብዩ ግድብ ህዳሰ ኣባይ ኣብ 2017 ዓ.ም ንምዝዛም ኣድላይ ዘበለ ፃዕሪ እናተገብረ ከምዝርከብ ዋና ስራሕ መካየዲ እቲ ፕሮጀክት ዝኾኑ ኢንጂነር ክፍሌ ሆሮ ኣፍሊጦም ‘ዮም። እዚ ድማ ንብዙሓት ኣብዚ ዝተሳተፉ ኢትዮጵያውያን ደስ ዝብል ዜና ‘ዩ።

ብዛዕባ ፕቶጀክት ዓብዩ ግድብ ህዳሰ ኣባይ እዚ ምስ በልኩ፤ ኣብዚ እቲ ዋና ከልዕሎ ዝደለኹ ጉዳይ ግና ካብዚ ንታሕቲ ዝገልፆ ‘ዩ።

ኣብዝሓ ሰብ ሙሁራት ሓዊሱ ካብ ዘረበኦም ከም ዝዕዘቦ ግብፂ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ጎንፂ ዘእትዋ ኣብ ሩባ ኣባይ ወይ ናይል ይግብኣኒ እትብሎ ረብሓ ማይ ሙሉእ ንሙሉእ ንምሕላው ጥራሕ ከምዝኾነ ጥራሕ ብዝመስል መልክዕ ኣብ ዛዕባ ማይን ግድብን ጥራሕ ትኹረት ገይሮም ‘ዮም ክዛረቡ ዝስማዕ፤ ይኹን ‘ምበር ከም ከማይ ግና ድልየት ግብፂ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዛዕባ ማይ ጥራሕ ዝተዓገተ ኣይከውንን ዝብል እምነት ኣለኒ ‘ዩ ዘለኒ።

ነዚ ሓሳብ ከም መበገሲ ዝኾነኒ ሓደ ድማ ሓደ እዋን ብስልጠና ምኽንያት ናብ ግብፂ ናይ ምኻድ ዕድል ኣብ ዘጋጠመኒ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ኣቢሉ ካብ ዝተዓዘብክዎን ኣብ ሓደ ሓደ ፅሑፋቶምን ካብ ዝገብርዎም ትኹረት ዛዕባታትን ‘ዩ።



ግብፃውያን ንሃገሮም ካብ መጠን ንላዕሊ ዘፍቅርዋ። ኣብ ጉዳይ ሃገሮም ዳርጋ ዝኾነ ኣፈላላይ የብሎምን ክብሃል ክሳብ ዘኽእል ብርኪ ብተመሳሳሊ ቅዋም ‘ዮም ብዛዕባ ሃገሮም ዘዕሉልኻ። ካልኦት ዜጋታት ‘ውን ንሃገሮም ከምዝፈትውን ከምዘፍቅሩን ግና ኣይረሳዕኹን። ካብ ምፍታዎም ዝተልዓለ ‘ ውን ንሃገሮም “ኡም ኣልዱንያ” ኢሎም ኣቆላሚጦም ‘ዮም ዝፅውዕዋ ብዓረብኛ ቋንቋ “ኡም” ማለት ኣዶ ‘ዩ። “ኣልዱንያ” ማለት ድማ እዛ እንነብረላ ዘለና ዓለም ማለት ‘ያ ስለዚ ሓፈሻዊ ትርጉሙ ግብፂ ኣዶ እዛ እንነብረላ ዘለና ዓለም ‘ያ ከም ማለት ‘ዩ።ንምንታይ ከምኡ ኢሎም ከምዝፅውዕዋ እንትዛረቡ ድማ ግብፂ ኣዶ ዓለም ተባሂላ ዝትፅውዓሉ ምኽንያት ቅድሚ ኹሉ ስልጣነን ፅባቀን ዝተረኣያላ ስለዝኾነት፣ ንእስማዒል ንኣብርሃም መፅለሊት ነይራ ብፍላይ ንዓረብ ድማ ልቦም ማለት ‘ያ ወዘተርፈ እናበሉ ‘ዮም ዝንእድዋ።

ናብቲ ዋና ጉዳየይ እንትምለስ፤ ኣብ ላዕሊ ከም ሓበርክዎ ብስልጠና ምኽንያት ናብ ግብፂ ኣብ ዝኸድኩሉ እዋን ኣብዝሓ ዝረኸቡኒ ግብፃውያን ብፅምኢ ክንመውት ድዩ ማይ ናይል ትግድብዎ ዘለኹም ኢሎም ይሓቱኒ። ከምኡ ኣይኮነን ኣንሕና እንግድቦ ንዓኹም ንምፅማእ ዘይኮነስ ኣብዝሓ ህዝብና ክሳብ ሐዚ መብራህቲ ስለዘይብሉን ቀሊል ዘይብሃል ህዝብና ‘ውን ኣብ ትሕቲ ድኽነት ስለዘሎ ካብዚ ንምውፃእ ‘ዩ ኢለ ምስ መለስኩሎም፤ እሺ ይኹን ከሙኡ እንትኾይኑ ንምንታይ ክንዱዘይ ዝኣክል ገዚፍ ግድብ ምስራሕ ኣድልዩ በቢከባቢኡ ንምንታይ ኣንኣሽተይ ግድባት ዘይትሰርሑ? ። እዚ ዝብል ዘሎ ድማ ተራ ግለሰብ ዘይኮነስ ኣብ ከባቢ ምብራቅ ኣፍሪቃ ንብዙሕ ዓመታት ብዲፕሎማት ዝሰርሐን ኣብቲ እዋን ኣብ መፅናዕትታትን ስልጠናን እናነጠፈ ዝርከብ ዓብዩ ሰብ ‘ዩ።

ስለዚ ካብዚይን ካብ ካልኦትን ሓበሬታታት ብምብጋስ ዝመፅኣለይ ሓሳብ ጉዳዮም ናይ ማይ ጥራሕ ተዝኸውን ነይሩ ንምንታይ ዓብዩ ትሰርሑ ኣናእሽተይ ዘይትሰርሑ ኣይብሉን። ከምዝመስለኒ በቢ ከባቢኡ ካብ ዝግደቡ ብዙሕ ኣናእሽቲ ግድባት ኣብ ከባቢ ዶብ ዝህነፅ ንዕኦም ዝጠቕሞም ይመስለኒ። እዚ ኣብ ደንበር ዝህነፅ ግድብ ንመስኖ ስራሕቲ ስለዘይውዕል ኤሌክትሪክ ኣፈልፊሉ ቀጥታ ናብ ኦም ‘ዩ ዝኸድ። በቢከባቢ ብዙሓት ግድባት እንተተሰሪሖም ግና ይንኣስ ይዕበይ ንመስኖ ‘ውን ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና። በዚ መንፅር ካብ ማንም ንላዕሊ ደስ ዘይበሎም ነገር ኣብ ኢትዮጵያ ክስራሕ ኣይከኣልን ዝብሃሉ ስራሕቲ ምስራሕ ምጅማሩ፣ ኢትዮጵያ ማእኸል ዲፕሎማሲ ካብ ምኧና ብተወሳኺ ማእኸል ኢንቨስትመንት ኢንዱስትሪ እናኾነት ምምፃእ ጀሚራ ምንባራ ‘ውን ተወሳኺ ሕማም ዝኾኖም ‘ዩ ዝመስለኒ።

ከምዝፍለጥ ግብፂ ናይ ነዊሕ ሕልማ ናይ ሃገራት ኣፍሪቃን ዓረብን ማእኸል ኢንዱስትሪን ዲፕሎማሲን ምኧን ‘ዩ ስለዚ ኣብዚ ክትወዳደራ ካብ ዝትኽል ድማ ሓንቲ ሃገርና ‘ያ። ካብ ናይ ማይ ድልየታ ብተወሳኺ ኢኮኖሚያዊ ዕብየትና ‘ውን ዘይትፈትወሉ ምኽንያት እዚ ‘ዩ። በዚ መሰረት ህንፀት ፕሮጀክት ግድብ ዓብይ ህዳሴ ኣባይ እንትወዲእናስ ድሕሪ ሐዚ ዘጓንፅ ነገር ኣይህልወናን ዘብል ስለዘይኸውን፤ ንሓፈሻዊ ድልየትን ባህግን ሃገረ ግብፂ መሰረት ገይርካ ኣብ ምስራሕ ዝምልከቶ ኣካል ብቀፃልንት ክሰርሆ ዝግባእ ስራሕ ‘ዩ ዝኸውን እብል። ወደሓንኩም።

# እዋናዊ ዛዕባ

## “ምሉእነት ኢትዮጵያ ክረጋገፅ ዝኽእል ኩሉ እምነት፣ ባህልን ታሪኽን ብማዕረ እንትቕመጥ ‘ዩ”

*- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)*

በሪሁ ኣረጋ

**ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶ/ር) ኣብ ዝሓለፉ ሰሙናት ምስ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ዘተ ኣካይዶም‘ዮም፡፡ንክልል ትግራይ ሓዊሱ ምስ ኩሉም ክልላት ተወከልቲ ዝተፈላለዩ ማሕበረሰባት ኣብ ቤት ፅሕፈቶም ብዛዕባ ሰላም፣ ፀጥታን ልምዓት ካልኦት ተዛማድቲ ጉዳያት ነዝተልዓለሉም ሕቶታት መበርሂን ምላሽን ሂቦም‘ዮም፡፡ምስ ክልል ትግራይ ድማ ፍልይ ብዝበለ መልክዑ ኣብ ኣፈፃፅማ ውዕሊ ፕሪቶሪያን ምስኡ ዝትሓሓዙ ጉዳይ ዘትዮ‘ዮም፡፡በተመሳሳሊ ምስ ማህበረሰብ ኣቦታት ሃይማኖትን ትካላት ሃይማኖትን‘ውን ዘተ ኣካይዶም ኣለው፡፡በዚ መሰረት ምስ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ኢትዮጵያ፤ምስ ሕብረት ወንጌላውያን ኣብያተክርስትያናትን እስልምናን ዘተ ኣካይዶም‘ዮም፡፡**

**እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ምስ ኣቦታት ሃይማኖት ኣብ ዝገበርዎ ዘተ፤**ምሉእነት ኢትዮጵያ ክረጋገፅ ዝኽእል ኩሉ እምነት፣ ባህልን ታሪኽን ብማዕረ እንትቕመጥ ‘ዩ ክብሉ ገሊፆም።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ምስ ሲኖዶስ ቤተ-ኽርስትያን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኢትዮጵያን ካብ ዝተፈላለዩ ኽባቢታት ምስ ዝተውፃእፅኡ ኣቦታት ሃይማኖትን ኣብ ዝገብርዎ ዘተ ከምዝገለፅዎ፤ መንግስቲ ኹሎም ማሕበራዊ እሴታት መሰረት ህልውና ሃገር ብምዃኖም ክጠናኸሩ ኣለዎም ኢሉ ይኣምን።

ምሉእነት ኢትዮጵያ ክረጋገፅ ዝኽእል ኩሉ እምነት፣ ባህልን ታሪኽን ብማዕረ እንትቕመጥ ምዃኑ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ገሊፆም።

ንኦርቶዶክስ ብዝምልከት ዝኾነ ዓይነት ዝተናወፀ ቕዋም የብለይን ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ንኢትዮጵያ መሰረት፣ ፅኑዕ ዓምድን ዘይፈርስን ኣድላዪ ትካል ‘ዩ ክብሉ ኣብሪሆም።ኽርስትና፣ እስልምና፣ ቅዳሰን ኣዛንን መግለፂታት ኢትዮጵያ ምኳኖም ኣልዒሎም።

ንሕና ንደልዮ እምነት ኾነ መንግስቲ ብናይ ባዕሎም ሕጊ፣ ስርዓትን መትከልን ንኽምርሑ፤ ከምኡ ‘ውን እቲ ሓደ ነቲ ኻልእ ዋልታ ብምዃኑ ኣድለይቲ ኣብ ዝኾኑ ጉዳያት ሓቢሮም ንኽሰርሑ ‘ዩ ክብሉ ገሊፆም።

ምስዚ ተተሓሒዙ ንትካላት እምነት ብዝምልከት ኣብ ቀረባ ኣዋጅ ስለዝወፅእ ትካላት እምነት ኣብቲ ኣዋጅ ብምዝታይ ሓሳቦም ከቕምጡ ከምዝግባእ ኣገንዚቦም።

ሃገር ናይ ምምሕዳር ስራሕ ሚኢቲ ብሚኢቲ ናይ መንግስቲ ስራሕ ምኳኑ ዝገለፁ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ወንጌል ከመይ ይስፋሕፋሕ ዝብል ድማ ናይ ኣቦታት ሃይማኖት ስራሕ ምኳኑ ኣብሪሆም። በዚ መሰረት ‘ውን ምትሕግጋዝ ግቡእ እንተኾነ ‘ውን ሓደ ኣብቲ ኻልእ ጣልቃ ከይኣተወ ምስራሕ ከምዝግብኦ ተዛሪቦም።

ወንጌል ዝስፋሕፋሕ ሃገር ንምሕላው፣ ወለዶ ንምህናፅ፣ ዓውዲ ሰላም ንምፍጣር ብዝኽእል መልክዑ ምኳኑ ጠቒሶም፤ ኣብ ኸምዚኦም ዝኣመሰሉ ጉዳያት መንግስቲ ሓገዝ ክገብረልና ይግባእ ኢልካ ሕቶ ምቕራብ ኣግባብ ምኳኑ ኣረዲኦም።



ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት እምነትን መንግስትን ናፃን ገለልተኛን ኾይኖም ንክስርሑ፣ ሕጋዊ ኣፍልጦ ንክረኽቡ፣ ፀገማት እንተጋጥሙ ብዘተ ንኽፍትሑ ከምዝተገበረ ተዛሪቦም።

ንሃይማኖት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኢትዮጵያ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ጥራሕ 68 ዝምለኽሎም ቦታታት፣ 40 መሕደሪ ታቦት፣ ንመንበረ ጵጵስና፣ ንማእኸል ክልተ ብሓፈሻ 111 ቦታታት ልዕሊ ሓደ ነጥቢ ሓደ ሚሊዮን ካሬ መሬት ከምዝተውሃበ ኣፍሊጦም።

ቋንቋን ባህልን ብዝምልከት ንምስፍሕፋሕ ብዝኽእል መልክዑ ምስራሕ ከምዝግባእ ገሊፆም፤ ንቋንቋ ብዝምልከት ቕሬታ እንትረኣዩ ብምዝታይን ብምዝርራብን ምፍታሕ ይግባእ ኢሎም።

ምስ ኣመራርሓታት ላዕለዋይ ቤት ምኽሪ ጉዳያት እስልምና ኢትዮጵያን ካብ ዝተፈላለዩ ክልላት ምስ ዝተውፃእፅኡ ኣቦታትን ኣብ ዝገበርዎ ዘተ፤ ኣብ 1966 ዓ.ም ሙስሊማት 13 ሕቶታት ዝሓዘ ዓብዪ ጎስጓስ ይገብሩ ከምዝነበሩ ኣዘኻኺሮም።

ኣብ ኢትዮጵያ መንግስቲ ኣብ ዝቀያየረሉ ዘመን ‘ውን ምንቅስቓስን ሕቶን ሙስሊማት ከምዝነበረ ኣልዒሎም።

ናይ ሙስሊም ሕጋዊ ኣፍልጦ ምርካብ፣ መሰል ምውዳብ፣ ፍቓድ ህንፀት መስጊድ ከምኡ ‘ውን ንሸሪዓ ብዝምልከት ብርክት ዝበሉ ሕቶታት ይለዓሉ ከምዝነበሩ ዘዘኻኸሩ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ካብቶም ዝተልዓሉ ሕቶታት ዝተመለሱ እንተሃለዉ ‘ውን ሕዚ ‘ውን ብዙሕ ከምዝተርፍ ኣብሪሆም።

ኢትዮጵያ ናይ ሙስሊም ኾነ ኽርስትያን ‘ውን ሃገር ብምዃና ብፍላይ ሙስሊም መናእሰይ ንሕና ኻልኣይ ዜጋ ኢና፣እናተደፋእና ኢና ንዝብል ኣተሓሳስባ ከስተኻኽሉ ከምዝግባእ ገሊፆም፤ ኣብ ሃገሮም ምስ ኻልኦት ኣሕዋቶም ብማዕረ ናይ ምንባርን ምሕታትን መሰል ከምዘለዎም ገሊፆም።

ኣብ ዝሓለፉ ኣርባዕተን ሓሙሽተን ዓመታት ኣብ ኣዲስ ኣበባ 124 ቦታታት ንመስጊድ መስርሒ፣ ሰለስተ መቓብር ቦታ፣ ሓደ ቦታ ንማእኸል ከምዝተውሃበ ገሊፆም፤ ኢትዮጵያ ዓቕሚ ብዝፈቐደ መልክዑ ሕቶ ትካላት እምነት ንምምላስ ንቐፃሊ ‘ውን ብዝተጠናኸረ ኩነታት ክስራሕ ‘ዩ ኢሎም።

ዝወሰድዎ ቦታ ሓፂሮም ዘቐመጡ ትካላት እምነት ንዝተዓለመሉ ዕላማ ከውዕልዎ ይግባእ ክብሉ ‘ውን መተሓሳሰቢ ሂቦም።

ኢስላሚክ ዩኒቨርስቲ፣ ኢስላሚክ ትምህርትን ዓረብኛ ቋንቋን ንምጅማር ኣፍልጦ ይወሃበና ንዝተብሃለ ሕቶ ብዝምልከት ‘ውን፤ ንኻልኦት ትካላት እምነት ‘ውን ኣፍልጦ ንምሃብ ኣንፈት ስለዝተቐመጠ መፅናዕቲ ተፀኒዑ ብሓባር ክምለስ ‘ዩ ኢሎም።

ትምህርቲ ዓረብኛ ቋንቋ ንዝብል ግና ኢትዮጵያውያን ዓረብኛ ቋንቋ ዘይምፍላጥና ጉድኣት ብምዃኑ ምእንቲ ንቢዝነስን ዲፕሎማሲን እንትዝጠናኸር ፅቡቕ ‘ዩ ክብሉ ገሊፆም።

ኣብ መንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ንስርዓት ኣከዳድና ብዝምልከት ምስ ሚኒስቴር ትምህርቲ ኣብ ዙርያ እቲ መምርሒ ክንዘራረብ ኢና ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ብወገነይ ግና ኣብ ከባቢ ቤት ትምህርቲ ሲቪክ ዝኾነ ኣቀራርባ እንተዝህልው ፅቡቕ ‘ዩ ኽብሉ ተዛሪቦም።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ከምዝበልዎ፤ ኢትዮጵያ ኣባል ዓለምለኻዊ ትካላት ዘይምኳና ጉድኣት ኣብፂሑላ ‘ዩ። ኣብ ኣባልነት ዓረብ ሊግ ‘ኳ ወንበር ተዓዛባይነት ብዘይምርካብና ብዛዕባ ኢትዮጵያ ዝደለይዎ ንኽዛረቡ ፈቒድና። እዚ ጉዳይ ንኹሉ ዝጠቅም ብምዃኑ መንግስቲ ኢትዮጵያን ሙስሊምን ብምትሕብባር ክንሰርሐሉ ይግባእ።

ኣብ ክልላት ዓፋርን ሶማሌን ዘተኣማምን ሰላም ንክህልው ዝተጀመረ ፃዕሪ ዝበረታታዕ ምዃኑ ገሊፆም፤ ንዕውትነቱ መንግስቲ ኣድላዪ ድጋፍ ከምዝገብር ኣፍሊጦም።

ምስ ኣፍሪካን ኻልኦት ሃገራትን ምስ እምነት፣ ባህልን እሴትን እተን ሃገራት ዝፃረሩ ስምምዕነታት ተፈራሪመን ንዝተብሃለ ‘ውን ንኢትዮጵያ ዘይምችው ዓንቀፅ እንተሃልይዎ ኣይፍፀምን ኢሎም።

ምስ ተወከልቲ ካውንስል ወንጌላውያን ኣብያተ ክርስትያናት ኢትዮጵያን ኣባል ኣብያተ ክርስትያናትን ኣብ ዝገበርዎ ዘተ፤ ፕሮቴስታንትታት ከም ዜጋ መቓብርን መምላእኹን ቦታ ክረኽቡ ይግባእ ኢሎም።

ሕቶኦም ዛጊድ ብዝተወሰነ ደረጃ ዝተመለሰ እንተኾነ፣ ቐጺሊ ብርኪ ብብርኪ ንኹሉ ናይ ምስትእንጋድ ስራሕ ከምዝስራሕ ገሊፆም፤ ኑቶም ዝተጀመሩ ስራሕቲ ንምዝዛም ምትሕግጋዝ ወሳኒ ‘ዩ ኢሊም።

ኣብ ኢትዮጵያ ጴንጤ፣ ፕሮቴስታንትን ወንጌላውያንን ዝግብኣኩም ቦታ ረኺብኩም ‘ዶ እንተተባሂሉ እንተበዝሐ ኽልተ ሚኢታዊ ‘ዩ ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ህንፀት ቤተ ኣምልኾ ብዝምልከት ንዝተልዓሉ ሕቶታት ካብ ካልኦት ሃይማኖታት ልምዲ ብምውሳድ ምፍታሕ ከምዝከኣል ሓቢሮም።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ፤ ሕዚ ዘሎ መንግስቲ ናይ ፕሮቴስታንት ዘይኾነስ ናይ ኢትዮጵያ መንግስቲ ስለዝኾነ ብዝተፈለየ ወነንቲ ንምዃንን ደገፍቲ ንምዃንን ኣይትፈትኑ ኢሎም።

ነዚ ሓቂ እንትረሲዕና ካብ ምቅርራብ ንላዕሊ ምርሕሓቕ ክነስፋሕፍሕ ኢና ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ንምክፍፋል ድልየት ዘለዎም ሰባት ብዝሰኸነ መንፈስ ብምዝታይ ጥንኩር ትካል ብምህናፅ ንኢትዮጵያ ኹርዓት ምዃን ከምዝግባእ ገሊፆም።

ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ሰላምን ሓድነትን ምርግጋፅ እንተንኽእል ናይ ኽፉእ ሓሳብ ዘለዎም ሰባት ሃገር ንምውራር ከምዘይለዓዓሉ ገሊፆም፤ መንግስቲ ካብ ዘለዎ ድልየት ሰላም ዝተልዓለ እሱራት ከምዝፈትሐ፣ ኣብ ወፃኢ ሃገር ንዝነብሩ ዜጋታት ናብ ውሽጢ ሃገር ከምዘእተወን ንኣባላት ተወዳደርቲ ፓርትታት ስልጣን ከምዝካፈለን ተዛሪቦም።

ሓደ ሓደ ሰባት ብናይ ባዕሎም ኣተሓሳስባን መለክዕን ንዕኦም ሰላም ኢሎም ዝሓስብዎ እቲ ሕዚ ዘሎ መንግስቲ እንተዘይሃልዩ ጥራሕ ምዃኑ ሓቢሮም፤ ሰላም ክፍጠር ዝኽእል ኣፈላላያት ምኽባርን ሓቢርካ ናይ ምንባር ስርዓት ምምዕባል እንትከኣልን ምዃኑ ኣገንዚቦም።

---

## “ቐፃሊ ልእኽቶ ፓርቲ ብልፅግና. . .

ኣደም፤ መንግስቲ ነቲ ዝተጀመረ ፃዕሪ ኣጠናኺሩ ብምቕፃል ፍታሕ ከምዝህብ ተዛሪቦም።

ሃገርና ካብ ዓንኬል ጎንፅን ኲናትን ናፃ ንኽትወፅ ዝተጀመረ ሓቋፋይ ሃገራዊ ምኽክርን ስርዓት ፍትሒ ስግግርን ብዝተማልአ መልክዑ ንኽትግበር ምድጋፍ ከምዘድሊ ‘ውን ዝገለፁ ኣይተ ኣደም፤ ንሕብረ ብሄራዊ ሓድነት ብምጥንኻር መንቀሊታት ጎንፂ ካብ ምንጮም ምድራቕ ከምዝግባእ ሓቢሮም።

ኣብ እዋን እቲ ዘተ ጎሊሁ ዝወፅአ መበል ኻልኣይ ግዜ ዘይህብ ህዝባዊ ሕቶ ምኽባር መነባብሮ ‘ዩ ዝበሉ ኣይተ ኣደም፤ ነዚ ‘ውን ከም ሃገር ንዘለዉ ዓቕምታት ብምጥቃምን በቢ ከባቢኡ ንዝተጀመሩ ምልዕዓላት ተግባራዊ ብምግባርን ፍርያትን መፍረያይነትን ምዕባይ ጠመተ ከምዝግበረሉ ኣመላኺቶም።

ከምኡ ‘ውን ንመፍረያይን ሸማታይን ዘራኽቡ ስራሕቲ ብምስራሕ ዜጋታት መሰረታዊ ሸቐጣት ብተመጣጣኒ ንክረኽቡ ብምግባር ስርዓት ዕድጊት ናይ ምምሕያሽ ስራሕቲ ከምዝስራሕ ሓቢሮም።

እቲ ሳልሳይ ሕቶ ህዝቢ ድማ ፈጠራ ዕድል ስራሕ ‘ዩ ዝበሉ ኣይተ ኣደም፤ ነዚ ‘ውን ኣብ ዜጋታት ለውጢ ኣተሓሳስባ ብምምፃእ ደለይቲ ስራሕ ዕድሎም ብኣግባቡ ንኽጥቀሙ ምግባር እንትኸውን፤ ንፈጠርቲ ስራሕ ካብ ኢንተርፕራይዛት ጀሚሩ ድጋፍ ብምሃብ ዓርሶም ዝኽእልሉ ኩነታት ንምፍጣር ከምዝተሓሰበ ገሊፆም።

ራብዓይ ኣብ ዙርያ ኣወሃህባ ግልጋሎት ከምዝኾነ ገሊፆም፤ ነዚ ‘ውን እቲ ፓርቲ ንስርዓት ኣወሃህባ ግልጋሎት ብቴክኖሎጂ ብምድጋፍ ንኽዝምን ብምግባር፣ ግልፅነትን ተሓታትነትን ንኽዓስል ንምግባር ኣንፈት ከምዘቐመጠ ተዛሪቦም።

ሓምሻይ ቐንዲ ሕቶ ህዝቢ ምስፍሕፋሕ መሰረተ-ልምዓት እንትኸውን ነዚ ‘ውን በጀት ተታሒዙሎም ብጉድለት ኣፈፃፅማ እናተጓተቱ ዝርከቡ ፕሮጀክትታት ናይ ምቅልጣፍ ስራሕ ክስራሕ ‘ዩ፤ ከምኡ ‘ውን ብትልሚ ተታሒዙ እኹል በጀት ዘይብሎም ስራሕቲ ልምዓት ንምዝዛም ንህዝብን መዳርግቲ ልምዓትን ብምትሕብባር ሕቶ ህዝቢ መልሲ ንኽረክብ ጠመተ ክግበር ‘ዩ ክብሉ ኣይተ ኣደም ኣመላኺቶም።

---

## “ኣብ ጎኒ ሰራዊት ምክልኻል. . .

ሰራዊት ምክልኻል ናይ ፓርቲ ብልፅግና ሰራዊት ኣይኮነን ዝበሉ እቶም ጠቅላሊ ኢታማዦር ሹም፤ ነቲ ሰራዊት ዝእዝዞ ሕገ-መንግስቲ ብምዃኑ ብመረፃ ህዝቢ ዝተመረፀ መንግስቲ ነቲ ሰራዊት ከምዝሕልው ‘ዮም ገሊፆም።

ብተመሳሳሊ ዜና ንዕብየት ኢትዮጵያ ሓሊዉ ናብ ቐፃሊ ወለዶ ዘመሓላልፍ ሰራዊት ምክልኻል ተሃኒፁ ክብሉ ኣብ ዋር ኮሌጅ ምክልኻል ፌዴሪኢ ንዘሰልጠኖም ጀነራል መኮነናትን ላዕለዎት መኮነናትን እንተመርቕ ገሊፆም፡፡

ኣብቲ ስነ-ስርዓት ምረቓ ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላ ከምዝተዛረብዎ፤ ሰራዊት ምክልኻል ንዕብየት ኢትዮጵያ ዝምጥን ንክኸውን ስትራቴጂክ ትልሚ 10 ዓመት ተዳሊዉ ተግባራዊ እናተገበረ ይርከብ። ድሕሪ እቲ ለውጢ ነቲ ሰራዊት ንምህናፅ ብዝተሰርሑ ስራሕቲ ሓድነትን ሉኣላዊነትን ኢትዮጵያ ዘየድፍር ጅግና ሰራዊት ምህናፅ ተኻኢሉ።

ድሕሪ እቲ ለውጢ ኣብ ወታደራዊ ትካላት ኢትዮጵያ ናይ ቴክኖሎጂ፣ መሰረተ ልምዓትን ስርዓተ-ትምህርትን መመሓየሺ ከምዝተገበረ ዝገለፁ እቶም ኢታማዦር ሹም፤ ኣብዚ ሕዚ ንዕብየት ኢትዮጵያ ሓሊዉ ናብ ወለዶ ከመሓላልፍ ዝኽእል ሰራዊት ምክልኻል ከምዝተሃነፀ ተዛሪቦም።

ከም ሃገር ንዝተውሃቦ ሓላፍነት ብብቕዓት ዝዋፃእ ሰራዊት ኣብ ምህናፅ ብጠመተ እናተሰርሐ ምዃኑ ዝገለፁ እቶም ፊልድ ማርሻል፤ሰራዊት ምክልኻል ፍልፍል ፍልጠት፣ ሞያን ቴክኖሎጅን ንክኸውን ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ ምስራሕ የድሊ ኢሎም።

ከም ገለፃ እቶም ፊልድ ማርሻል፤ ኣብ 2025 ዋር ኮሌጅ ምክልኻል ፌዴሪኢ ካብ ኣፍሪካ ቐዳማይ መሰልጠኒ ስትራቴጂክ ኣመራርሓ ንክኸውን ብጠመተ እናተሰርሐ ‘ዩ።

ካብቲ ኮሌጅ ተመሪቖም ዝወፁ ሰልጠንቲ ነቲ ሰራዊት ብኣተሓሳስባ፣ ብፍልጠትን ብጥበብን ክመርሑ ዝኽእሉ ምዃኖም ሓቢሮም፤ ካብዚ ሓሊፉ ‘ውን ነባራዊ ኩነታት ሃገርና ንኻልኦት ከረድኡ ዝኽእሉን ሉኣላዊነት ሃገርና ክሐልዉ ዝኽእሉን ‘ዮም ክብሉ ተዛሪቦም።

## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ስራሕቲ ግድብ ኣባይ ብጥንካረ መንግስቲን ህዝቢን እናተዛዘመ ይርከብ››

*- ዶክተር ኣረጋዊ በርሀ*

መኣርግ ገ/ሄር

**ዓብዪ ግድብ ህዳሰ ኢትዮጵያ 24 መጋቢት 2003 ዓ.ም ብነበር ቀዳማይ ሚኒስትር መለስ ዜናዊ ምጅምሩ ዝፍለጥ ”ዩ። እዚ ግድብ እዚ ብምትሕብባር ህዝቢ ኢትዮጵያ እናተሃነፀ ዝርከብ ኮይኑ ሕዚ 24 መጋቢት 2016 ዓ.ም 13 ዓመት ኣቑፂሩ ኣሎ። እዚ ግድብ ኣብ ከይዲ ዝተፈላለዩ ዲፕሎማሲን ቴክኒካዊን ዕንቅፋታት እናተሳገረ መፂኡ ”ዩ። እቶም ዘጋጥምዎ ዝነበሩ ሕልኽላኻት ብፍላይ ድማ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ብዝገበርዎ ምስትኽኻላት እናተሰርሐ መፂኡ ሕዚ ናብ ምዝዛም ገፁ እናተቓረበ ይርከብ። እቲ ግድብ ቀንዲ ዕላምኡ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ንምፍልፋል እንትኸውን ኣብዚ ሕዚ እዋን ብዝተወሰነ ደረጃ ምፍልፋል ጀሚሩ ኣሎ። ብምኽንያት ሓፈሻዊ ኩነታት እቲ ግድብ እንታይ ከምዝመስልን ክሳብ ሕዚ ዘሎ ተሳትፎ ህዝቢን መንግስትን ከምኡ ”ውን ካልኦት ተተሓሓዝቲ ጉዳያትን ኣድሂብና ምስ ዋና ዳይሬክተር ቤት ፅሕፈት መተሓባበሪ ህዝባዊ ተሳትፎ ዓብዪ ግድብ ህዳሰ ኢትዮጵያ ዶክተር ኣረጋዊ በርሀ ዝገበርናዮ ቃለ መሕትት ሙሉ ትሕዝትኡ ከምዚ ዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።**



**ወጋሕታ፡- ዓብዪ ግድብ ህዳሰ ኢትዮጵያ ካብ ዝጅመር 13 ዓመቱ ኣቑፂሩ ኣሎ። እዚ ግድብ እዚ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ምንታይ ኩነታት ወይ ብርኪ ከምዝርከብ ተዝገልፁልና?**

**ዶ/ር ኣረጋዊ፡-** ፅቡቕ፤ ዓብዩ ግድብ ህዳሰ ኢትዮጵያ ብምትሕብባር መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ እናተሰርሐ ከምዝርከብ ዝፍለጥ 'ዩ። እዚ ግድብ እዚ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ምንታይ ኩነታት ወይ ብርኪ ይርከብ ንዝብል ሕቶ፣ ሕዚ ዘለዎ ኩነታት ኣብ ፅቡቕ ደረጃ 'ዩ ዝርከብ። ከምዚ ክብል እንተለኹ ብማእኸላይ(ኣቬሬጅ) ክረአ እንተሎ 95 ሚኢታዊ ተሰሪሑ 'ዩ። ብማእኸላይ ዝገለፅክዎ ምኽንያት ዝተፈላለዩ ክፋላት ስለ ዘለዎ 'ዩ።

ከፋፊልካ ክረአ እንተሎ እቲ ፕሮጀክት ዘካትቶ ከም ስራሕቲ ሲቢል (civil works)፣ ኤሌክትሮ መካኒካልን ሃይድሮሊክ ስቲል ስትራክቸርን (Electromechanical & hydraulic steel structures) ህንፀት ዝመሳሰሉ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ኣለዉ። ሕዚ እቲ ህንፀት ኣብ ናይቲ ሲቪል ኢንጅነሪግ ናብ 98 ሚኢታዊ እናበፅሐ 'ዩ። ናይ ሃይድሮሊክን ካልኦት ስራሕትን ድማ ቐስ ብቐስ ብጥንቓቐ እናተሰርሑ ስለዝኾኑ እንዚኦም ድማ ካብቶም ካልኦት ብተወሰነ ደረጃ ትሕት ኢሎም ከባቢ 80 ሚኢታዊ በፂሖም ይርከቡ። ኮይኑ ግና ብሓፈሻ ብማእኸላይ ክረአ እንተሎ 95 ሚኢታዊ በፂሑ ይርከብ።

እዙይ ማለት እቲ ግድብ ናብ ከባቢ 42 ቢልዮን ሜትር ኪዩብ ማይ ሒዙ ይርከብ። እዚ ካብቲ ዝተተለመ 74 ቢልዮን ሜትር ኪዩብ መብዛሕትኡ መጠን እቲ ማይ ተታሒዙ ኣሎ። እዙይ ማለት ከምዝፍለጥ እቶም ተርባይናት ምፍልፋል ኤሌክትሪክ ጀሚሮም 'ዮም። ክልተ ተርባይናት ኣብ ስራሕ 'ዮም ዝርከቡ። ኣብ ቀረባ እዋን ድማ ከባቢ 5 ተርባይናት ስራሕ ክጅምሩ 'ዮም። እዚ ኤሌክትሪክ ንመላእ ኢትዮጵያ ዝኸውን ኮይኑ ገሊኡ ድማ ናብ ደገ ማለት ናብ ጎረቤት ሃገራት ከም ናብ እኒ ሱዳን፣ ኬንያን ጁብቲን ዝመሳሰላ ሃገራት እናተለኣኸ 'ዩ ዝርከብ። እቲ መስመር ኣብ ምዝርጋሕ ስለ ዝርከብ ናብ ካልኦት ከም ናብ ታንዛንያን ደቡብ ኣፍሪካን ዝበላ ሃገራት 'ውን ንምልኣኽ ትልሚ ኣሎ። እዚ ግድብ እዚ ብምትሕብባር ህዝቢ ኢትዮጵያ እናተሰርሐ ዝርከብ ምኳኑ ዝፍለጥ 'ዩ። እዚ ክብል እንተለኹ ኣብ ውሽጥን ደገን ዘሎ ህዝቢ ኢትዮጵያ፣ ከምኡ 'ውን ብምትሕብባር ፈተውቲ ኢትዮጵያ ኣብዚ ብርኪ እዚ ክበፅሕ ክኢሉ 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- ክሳብ ሕዚ ብናይ ኣብ ደገ ዘሎ ይኹን ኣብ ውሽጢ ብዘሎ ህዝቢ ዝተገብረ ናይ ገንዘብ ሓገዝ እንታይ ከምዝመስል ተዝገልፁልና?**

**ዶ/ር ኣረጋዊ፡-** ብሓፈሻ ከንሪኦ እንተለና ተሳትፎ ህዝቢ ብጣዕሚ ዝገርም ነገር 'ዩ። ከምቲ ቕድም ዝበልክዎ እቲ ህዝቢ ብምትሕብባሩ 'ዩ እዚ ግድብ እዚ ኣብዚ ሕዚ በፂሕዎ ዘሎ ብርኪ ክበፅሕ ክኢሉ ዘሎ። ህዝቢ ንልምዓት ዘለዎ ድሌት፣ ወይ ሃገር ንምቕያር ዘሎ ድሌትን ተሳትፎን በቲ ቕድሚ ሕዚ ጀሚሩ እናተሳተፎ ዝመፀን ሕዚ 'ውን ዝገብሮ ዘሎ ጠንካራ ተሳትፎ ምርግጋፅ ይከኣል 'ዩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ በዚ ደረጃ ክረአ ዝኽእል ምንቕስቓስ ወይ ተሳትፎ 'ዩ ዘለዎ። እቲ ግድብ ካብ ዝጅመር ኣትሒዙ ክሳብ ሕዚ ልዑል ናይ ልምዓት ቃልሲ 'ዩ ዘካይድ ዘሎ። ክሳብ ሕዚ ናብ ከባቢ 19 ቢልዮን ብር ኣስተዋፅኦ ገይሩ 'ዩ። እዙይ ጥራሕ ኣይኮነን ብጉልበት 'ውን እናሓገዘ 'ዩ ዘሎ። ምኽንያቱ ናይ ኣባይ ተፋሰስ ኣድላይ ናይ ሓምላዋይ ሽፋን ክረክብ ስለ ዘለዎ ብውሕጅ ተሓፂቡ ዝኸይድ ሓመድ ነቲ ግድብ ከይመልኦ ብኡ ኣቢሉ 'ውን ዕድመ እቲ ግድብ ከይሓፅር እናገበረ 'ዩ። ስለዚ ካብ ገንዘቡ ንለዓሊ ብጉልበቱ 'ውን እናሓገዘ 'ዩ ዝርከብ።

ህዝቢ ከምቀደሙ ደገፉ ሕዚ 'ውን ኣጣናኺሩ እናቀፀለ 'ዩ ዘሎ። በቢወርሒ ዝግበር ዘሎ ምውፃእ እናቐፀለ 'ዩ ዘሎ። ንኣብነት እትተወሲድና ‹‹8100›› ብዝብል ሓፂር መልእኽቲ በቢወርሑ ልዕሊ 10 ሚልዮን ብር 'ዩ ህዝቢ ዘዋፅእ ዘሎ። ካሊእ 'ውን ከም ቦንዲ ብምግዛእ ካልኦት ኣብ ዝግበር ዘሎ ምውፃእ ኣዝዩ ዝነኣድ 'ዩ። ህዝቢ ከምቲ መጀመርታ ነዚ ግድብ እዚ ንምውዳእ ቃል ዝኣተዎ ብኹሉ ዓይነት እናተረባረበ 'ዩ ዝርከብ። ከምኡ 'ውን ኩሉ ህዝቢ በቢሞይኡ ዝተፈላለዩ ኣስተዋፅኦ እናገበረ 'ዩ። እዚ ኩሉ ብገንዘብ እንትትመን ቐሊል ዝበሃል ኣይኮነን።

ህዝቢ ይኹን መንግስቲ ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ ክሳብ ሕዚ ነዚ ፕሮጀክት እዚ ዝኸኣሎ ኩሉ እናገበረ 'ዩ። ኮይኑ ግና ናይና ቤት ፅሕፈት ዝፈልጦ ካብ ህዝቢ ዝተዋፀአ 'ዩ። ብቐጥታ ንቐፃፀሮን ንከታተሎን ህዝቢ ዝገበሮ ኣስተዋፀኦ 'ዩ። እዚ ድማ ክሳብ ሕዚ 1 ነጥቢ 9 ቢልየን ብር ከምዝተኣከበ ኢና ንፈልጥ። ብወገን መንግስቲ 'ውን ብዙሕ ኣስተዋፀኦ እናገበረ 'ዩ። ብፍላይ ኣብ ኣድላዪ ዝኾነ ኩነታት መንግስቲ ብዙሕ ሓገዝ እናገበረ 'ዩ። ብኹሉ መዳይ ማለት ብፀጥታ ይኹን ብዲፕሎማሲ መንግስቲ ብርቱዕ ስራሕቲ ተዘይሰርሐ ነይሩ እዚ ግድብ እዚ ኣብዚ ሕዚ በፂሕዎ ዘሎ ብርኪ ክበፅሕ ኣይምኸኣለን ነይሩ። ናይ መንግስቲ ኣስተዋፅኦ ብኹሉ መዳይ ክረአ እንተሎ ብጣዕሚ ብዙሕ 'ዩ።

መንግስቲ ብቐራፅነት ተላዒሉ ክሳብ ሕዚ ሰፋሕቲ ስራሕቲ 'ዩ እናሰርሐ ዝርከብ። ኣብዚ ግድብ እዚ ናይ መንግስቲ ቕራፅነት ልዑል 'ዩ። ልክዕ ኣብ ዘመን ሃፀይ ሚኒሊክ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንጣልያን ንምምካት ብሓደ ልቢ ዘሚቱ ዝሰዓረ ሕዚ ዘሎ መንግስቲ 'ውን ህዝቢ ብምትሕብባር እዚ ግድብ እዚ ናብዚ ደረጃ እዚ ክበፅሕ ገይሩ 'ዩ። ቕድም ኢለ ከምዝበልክዎ ናይ መንግስቲ ኣስተዋፅኦ ድማ ኣዝዩ ብዙሕ 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- መንግስቲ ኣብዚ ግድብ እዚ ህዝቡ ብምትሕብባር ዝገብሮ ዘሎ ስራሕ ምስ ናይ ታሪኽ ዓድዋ ብኸመይ ክመሳሰል ይኽእል?**

**ዶ/ር ኣረጋዊ፡-** መንግስቲ ኣብዚ ግድብ እዚ ብዲፕሎማሲ ይኹን ብጉዳይ ፀጥታን ካልኦት ነቲ ግደብ ዘድልዩ ነገራትን ኣብ ምስራሕ ልዑል ቐላሕታ ብምሃብ እናሰርሐ መፂኡ 'ዩ። ሕዚ 'ውን ብዝለዓለ ትኹረት እናሰርሐ ይርከብ። ዝኾነ ዓይነት ስሕተት ከየጋጥም ጥቡቕ ዝኾነ ክትትል እናገበረ ይርከብ። ብምኳኑ ኣብዚ ግድብ እዚ ህዝቢን መንግስትን ኢትዮጵያ ንኻልኣይ ግዜ ከም ናይ ዓወት ኩናት ዓድዋ 'ዩ ታሪኽ ዝሰርሕ ዘሎ።

**መንግስቲ ኣብዚ ግድብ እዚ ብኹሉ መዳይ ማለት ብፀጥታ ይኹን ብዲፕሎማሲ ብርቱዕ ስራሕቲ ተዘይሰርሐ ነይሩ ኣብዚ ሕዚ በፂሕዎ ዘሎ ብርኪ ክበፅሕ ኣይምኽኣለን ነይሩ**

ናይ ህዝብን መንግስትን ምትሕብባር ተራእዩ ዘይፈልጥ 'ዩ። ኣዝዩ ዘሕጉስ ምቕንጇው ስለ ዘሎ ዝተፈላለዩ ፀላእቲ ዝሓፍርሉን እቲ ግድብ ኣብ ፅቡቕ ደረጃ ንምብፃሕን ተኻኢሉ 'ዩ። እዚ ግድብ እዚ ብምትሕብባር ህዝብን መንግስትን ኣብዚ ብርኪ እዚ ምብፅሑ መንግስቲ ይኹን ህዝቢ ንኢኮኖሚያዊ ለውጢ ሃገርና ዘለዎ ቑርፀኝነት ዘርኢ 'ዩ። ብሓፈሻ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ልምዓት ዘለዎ ምልዕዓልን ተሳትፎን ልክዕ ኣብ ዓወት ኩናት ዓድዋ ዝገበሮ ተሳትፎ ወይ ዝተረኣየ ሓድነት ዝመሳሰል 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- መንግስትን ህዝቢን ተናቢቡ ብምስርሑ እዚ ግድብ እዚ ኣብዚ ብርኪ እዚ በፂሑ ኣሎ። ኣብ ከይዲ ህንፀት እቲ ግድብ ሓድነት ህዝቢታት ኣብ ምጥንኻርን ከምኡ ”ውን ምስ ጎረቤት ሃገራት ዲፕሎማሲ ኣብ ምጥንኻር እንታይ ይመስል?**

**ዶ/ር ኣረጋዊ፡-** መንግስቲ ኣብዚ ናይ ኣባይ ዙርያ ተፋሰስ ዝርከቡ ሃገራት ብምልኣም ንምትሕብባር ቕድሚ ሕዚ ጀሚሩ ፃዕሪ እናገበረ መፂኡ 'ዩ። ዝተፈላለዩ ስምምዕነታት ምስዝተፈላለዩ ሃገራት እናገበረ መፂኡ 'ዩ። ዋላ ምስ ተፃራሪ ዝኾኑ ሃገራት ማለት ምስ ከም እኒ ግብፂ ሱዳን ብሓባር ንምጥቓም መንግስቲ ኢኒሼቲቭ ብምውሳድ ኣብ ስምምዕነት ንምብፃሕ ብዙሕ ፃዕሪታት ገይሩ 'ዩ። እኒ ግብፂ ግና ናይ ቀደም ናይ ባዕዳዊ ኣገዛዝኣ ዝነበረ ኣተሓሳስባ ሂዞም እቲ ስምምዕነት በዚ ብናይ ቐደም ክኾነሎም 'ዮም ዝደልዩ። ብፍላይ ብ1929ን 1959 ዓ.ም ዝነበረ ንኢትዮጵያ ዘግለለ ስምምዕነት ወይ ንኢትዮጵያ ዘየሳተፈ ስምምዕነት ነዚ ክቕፅሉ 'ዮም ዝደልዩ። ኮይኑ ግና ኢትዮጵያ ምስ ካልኦት ተፋሰስ ሃገራት እናተረዳደኣት ነቲ ናይ ቀደም ውዕል ዋጋ ዘይብሉ ምኳኑ ብምርግጋፅ ሓዱሽ ውዕላት ክፈራረሙ ፃዕሪ እናተገበረት 'ያ ትርከብ። ስለዚ ዝተፈላለዩ ሃገራት ኣብ ዙርያ ተፋሰስ ኣባይ ዘለዉ ስምምዕነታት ዝተገበረሎም ኣለዉ፤ኣብ ከይዲ ዘለዉ 'ውን ኣለዉ። ስለዚ በዚ መልክዕ እዚ ምስ ካልኦት ተፋሰስ ሃገራት ዝግበር ርክብን ምትሕብባርን እናቐፀለ 'ዩ ዘሎ።

እኒ በዓል ግብፂ ግና ነዚ ንምጭንጋፍ ብዙሕ ስራሕ 'ዮም ዝሰርሑ፤ ብፍላይ ምስ ዝተፈላለዩ መንግስታት ብጎኒ እናተራኸቡ ብምቕብጣርን ተሓባቢሮም ጥቕሞም ንምኽባርን ወይ ድማ ግብፂ ናይ ባዕላ ጥቕሚ ንምሕላው ጥራሕ ፃዕሪ እናገበረት 'ያ ትርከብ። ኮይኑ ግና መንግስቲ ኢትዮጵያ ነዚ ብምግንዛብ ጥንክር ዝበለ ዲፕሎማስያዊ ስራሕቲ ብምስራሕ፣ ምርድዳኣትን ስምምዓትን ብምፍጣር ንምፍርራም እናሰርሐ 'ዩ ዘሎ። መንግስቲ ነዚ ኣግረሲቭ ዝኾነ ናይ ግብፂ ኣካይዳ ካብ ቑፅፅር ወፃኢ ከይኸውን ገይሩ 'ዩ።

ዲፕሎማሲያዊ ዓወታት ክምዝገቡ ክሳብ ሕዚ እናተሰርሐ ብምምፅኡ እዚ ግድብ እዚ ናብዚ ሕዚ በፂሕዎ ዘሎ ብርኪ ክበፅሕ ክኢሉ 'ዩ። ዲፕሎማሲያዊ ዓወታት በብግዚኡ እናተማሓየሸ 'ዩ ዝኸይድ ዘሎ፤ እዚ ናይ መንግስቲ ቑርፀኝነትን ብትልሚ ናይ ምንቕስቓስን ክእለት

‹‹ስራሕቲ ... ገፅ 6

# ‹‹ስራሕቲ ግድብ ኣባይ ብጥንካረ መንግስቲን. . .

ዘርኢ ‘ዩ። ካብዚ ንላዕሊ ፐብሊክ ዲፕሎማሲ እንብሎ ኣሎ፤ ማለት ካብ ስሩዕ ዲፕሎማሲ ጎኒ ንጎኒ ፐብሊክ ዲፕሎማሲ ዝበሃል ስራሕ ብወገን ቤት ፅሕፈትና ይስራሕ ‘ዩ።

እዚ ፐብሊክ ዲፕሎማሲ መብዛሕትኡ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ርክብ ብምፍጣር ብማዕረ ናይ ሓባር ተጠቃምነትን ፍትሓዊ ብዝኾነ መንገዲ ናይ ሓባር ኣጠቃቕማ ማእኸል ብምግባር ከባቢታት ብምልኡ ማለት ምብራቅ ኣፍሪካ ይኹን ካብዚ ንላዕሊ ህዝቢ ተሓባቢሩ ብሓባር ክለምዕ ወይ ክጥቀም ኣብ ምግባር እናተሰርሐ ‘ዩ። ምኽንያቱ እቲ ማይ ንኹሉ ብስምምዕነት እኹል ‘ዩ፤ ምኽንያቱ ኣጣቃቕማ እንተኺኢልናሉ እኹል ማይ ‘ዩ ዘሎ፤ ተሓባቢርና ብምልማዕ ብዙሕ ውፅኢት ምምፃእ ይከኣል ‘ዩ። ብምኳኑ ፐብሊክ ዲፕሎማሲ ወይ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ርክብ እናተሰርሐ ‘ዩ ዘሎ። ስለዚ ክልቲኦም ማለት ስሩዕ ዲፕሎማሲን ፐብሊክ ዲፕሎማሲን ፅቡቕ ውፅኢት ‘ዮም ዘምፅኡ ዘለዉ።

**ወጋሕታ፡- እዚ ግድብ እዚ ካብ ዝጅመር ኣትሒዙ ህዝቢ ዝተፈላለዩ ተሳትፎታት እናገበረ መፂኡ ”ዩ፤ ብገንዘብ ካብ ምሕጋዝ ብተወሳኺ እቲ ግድብ ብደለል ከይመልእ ኣብ ናይ ሓምላዋይ ዓሻራ ማለት ምትካል ፍልሲ ”ውን ብዙሕ ምርብራብ እናገበረ መፂኡ ”ዩ። ብብርቱዕ ተሳትፎ ህዝብን መንግስትን ናብ ምዝዛም ገፁ እናኸደ ምኳኑ ብተፈላላዩ ኣካላት እናተገለፀ ”ዩ። ንሶም ”ውን ገሊፆሞ ኣለዉ፤ ካብ ሕዚ ንደሓር ከ እቲ ቀርዩ ዘሎ ስራሕቲ መሊኡ ክዛዘም ካብ መን እንታይ ትፅቢት ይግበር?**

**ዶ/ር ኣረጋዊ፡-** ፅቡቕ፣ ከምዝበልካዮ ህዝቢ ካብ ብገንዘብ ሓገዝ ብተወሳኺ ኣብ ሓምላዋይ ዓሻራ ‘ውን እቲ ግድብ ብደለል ከይመልእ ብሰፊሑ እናተንቐሳቀሰ መፂኡ ‘ዩ። እዚ ስራሕ እዚ ብብርኪ ዓለም ለኸ ሽልማት ‘ውን ዝተረኸበሉ ምኳኑ ዝፍለጥ ‘ዩ። እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ ብዛዕባ ግድብ ኣባይ ብዝምልከት ብቤት ፅሕፈትና ወገን ድማ ናብ 40 ዝኾኑ ዩኒቨርስቲታት እንተይቀረዩ ተኣኻኺቦም ከምኡ ‘ውን ህዝቢ ብምልዕዓል ብምስታፍ እቲ ከባቢ ናይ ምልማዕ ስራሕቲ እናተሰርሐ ‘ዩ ዝርከብ። ፅቡቕ ውፅኢት ‘ውን እናምፀአ ‘ዩ ዝርከብ። ስለዚ እዚ ስራሕ እዚ ጠቕላላ ህዝቢ ብጉልበት፣ ፍልጠን ገንዘብን እናተሳተፈሉ ዘሎ ኩነታት ‘ዩ ዘሎ።

ቅድም ከምዝገለፅክዎ ዕድመ እቲ ግድብ ነዊሕ ክኸውን ወይ ንመፃኢ ወለዶ ዝሰጋገር ክኸውን ናይ ምግባር ስራሕቲ ‘ዩ ዝስራሕ ዘሎ። እዚ ግድብ እዚ ካብ ፀልማት ናብ ብርሃን ዘሳጋግር ‘ዩ፤ ብዙሕ ኢኮኖሚያዊ፣ ፖለቲካዊን ማሕበራዊን ጥቅሚ ዘለዎ ‘ዩ። ነዚ ተሓሳቢ ብምግባር ‘ዩ ብትኹረት ዝስራሕ ዘሎ። ቖንዲ ቑልፊ ነገር ድማ ሓድነትን ሕብረትን ህዝቢ ‘ዩ።

ብሕብረት እንተተሰሪሑ ዝተደለየ ውፅኢት ወይ ዕቤት ንምምፃእ ዝኸብድ ኣይኮነን። ካብ ድሕሪትን ድኽነትን ከንወፅእ ንኽእል ኢና። ሳላ ብሕብረት እናሰራሕና ዝመፃእና ክሳብ ሕዚ ዘሎ ውፅኢት ‘ውን ብዓይንና እናረኣና ኢና። ህዝቢ ብናይ በዓሉ ዓቕሚ ብዘይ ምንም ልቃሕ ኣብዚ ብርኪ እዚ ከብፀሖ ክኢሉ ‘ዩ። ህዝቢ ተተሓባቢሩ ሃገርና ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብፃሕ ዘፅግም ኣይኮነን። ሕዚ ድማ እቲ ዝቐረየ ሙሉእ ብሙሉእ ክዛዘም ህዝቢን መንግስቲን ከም ናይ ትማሊኡ ብኹሉ መዳይ ምትሕብባሩ ኣጣናኺሩ ክቕፅል መልእኽተይ ከመሓላልፍ እደሊ።

**ወጋሕታ፡- ግዚኦም ሰዊኦም ንዝሃቡና መብርሂ የቐንየልና።**

**ዶ/ር ኣረጋዊ፡-** ኣነ ‘ውን ስለ ዝጋበዝኩምኒ የቐንየለይ።

# ዲጂታል ኢትዮጵያ ንፈጠራ. . .

ሃገር ኣገደስቲ ስጉምትታት ወሲድና ኣለና ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ዲጂታል ኢትዮጵያ ንመሃዝቲ ሰባት ብምድጋፍን ዘኽእል ኩነታት ብምፍጣርን ዓቕሚ ዲጂታል ኢኮኖሚ ከምዝፈጠረ ገሊፆም።

ናይ ማእኸላይ ዘመን ገምጋም ፈተናታትን ንምፍታሽን ዓወት ጉዕዞ ንምኽባር ዕድል ዝፈጥር ምኳኑ ብምጥቃስ፤ ዲጅታል ኢትዮጵያ ኣብ ኹሉ ትካላት ተጠዓዒሙ ክምራሕ ዝተደለየሉ ምኽንያት ዝነበሩ ዕንቕፋታት ንምቕራፍ ምኳኑ ገሊፆም፡፡

ዲጂታል ኢኮኖሚ ከም ሓደ ዓምዲ እንድሕር ዘይተወሲዱ ብዙሕ ሰብ ካብ ፀገም ናይ ምውፃእን ጉዕዞ ብልፅግና ምርግጋፅን ከምዘይከኣል ዝገለፁ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፣ ትግበራ ዲጅታል ኢኮኖሚ ብበዝሒ ዘፈር ብምግባር ካብ ሓሙሽቲኦም ስትራተጂክ ትልምታት ሓደ ምግባር ተኻኢሉ ‘ዩ ኢሎም፡፡

ዲጂታል ኢኮኖሚ እቲ ዝድለ ለውጢ ንምርግጋፅ ዝተዳለወ ስትራተጂ ምኳኑ ብምግላፅ፣ ዕላማ እቲ ስትራተጂ ንኹሉ ዝሓቑፍን ፀገም ኣተሓሳስባ ንምቕያር ዝዓለመን ምኳኑ ጠቒሶም።

ናብ ዲጂታላዊ ዘመን ንምዕንባር ፀዓት፣ ዳታ፣ ዲጅታላዊ መንነት ኣገዳሲ ምኳኑ ብምጥቃስ፤ ጉዕዞ ዲጂታል ትራንስፎርሜሽን ካብ እንጅምር ከም ሃገር ኣገደስቲ ስጉምትታት ወሲድና ኣለና። ዲጂታል ኢትዮጵያ ንፈጠርቲ ሰባት ብምድጋፍን ኣኽእሎ ዝፈጥር ኩነታት ብምፍጣርን ዓቕሚ ዲጂታል ኢኮኖሚ ፈጢሩ ‘ዩ ኢሎም እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፡፡

እቲ ናይ መፋርቕ ዘመን ገምጋም ብድሆታት ንምፍታሽን ጉዕዞ እቲ ዓወት ንምኽባርን ዕድል ዝፈጥር ምኳኑ ብምጥቃስ፤ ስትራተጂ ዲጂታል ኢትዮጵያ ኣብ ኹለን ትካላት ተጠዓዒሙ ንምስራሕ ዝተደለየሉ ምኽንያት እቶም ፀገማት ንምፍታሕ ከምዝኾነ ኣብሪሆም።

ኣብ ኢትዮጵያ ዲጂታል ኢኮኖሚ ስትራቴጂ ኣብ ከይዲ ንወለዶታት መሰረት ንምንፃፍ ዝተጣየሸ ምኳኑ ብምግላፅ ኣብ ኢነርጂ፣ ቴሌኮም፣ ዲጂታል ክፍሊትን ኢንተርኔትን ሰፊሕ ስራሕቲ ከምዝተሰርሑ ገሊፆም።

ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ኣብ ዘፈር ቴሌኮም ብዝተሰርሑ ስራሕቲ 76 ሚልዮን ሰባት ተጠቀምቲ ሞባይል ምኳኖም ዝሓበሩ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ብዲጂታል ክፍሊት ስርዓት 18 ኩባንያታት፣ 90 ሚልዮን ተጠቀምቲ ኣብ መዓልቲ ልዕሊ ሓሙሽተ ቢልዮን ብር ልውውጥ ከምዝግበርን ክሳብ ሕዚ ብኢትዮ ቴሌኮም ኣቢሉ ልዕሊ ሓደ ትሪልዮን ብር ከምዝተለዋወጠ ‘ውን ገሊፆም።

ኣብዚ ዓመት ንመጀመርታ ግዜ ብዲጂታል ክፍሊት ካብ ናይ ጥረ ገንዘብ ክፍሊት ንላዕሊ ብምኳኑ ሕትመት ገንዘብ፣ ምጉዕዓዝን ንሓለዋ ዝኸፈል ገንዘብን ዘቕረየ ምኳኑ ኣፍሊጦም።

ኣብ ዝቕፅል ዲጂታላዊ ዘመን ብትካላት ቀለልቲ ኣገባባት ምዝርጋሕ፣ ከምኡ’ውን ፀገማት ብቐሊል መንገዲ ምፍታሕ ከምዘድሊ ብምግላፅ፤ ዘፈር እቲ ገንዘብ ዘፈር ቴክኖሎጂ ዘለዎ ፀገም ሽርፍን ልቓሕን ክፈትሕ ከምዘለዎ ተዛሪቦም፡፡

ኣብ ዘፈር ቴክኖሎጂ፣ ኣርቲፊሻል ኢንተለጀንስ፣ ኢነርጂን ቴሌኮምን ምትእስሳር ብምፍጣር ብዙሓት ፈጠርቲ ክህልዉ ክስርሑ ከምዘለዎም ብምጥቃስ፤ ብወገን መንግስቲ ኣብቲ ዓውዲ ዝተጀመሩ ስራሕቲ ተጠናኺሮም ከምዝቕፅሉን ዘድሊ ትኹረት ከምዝወሃቦን ኣመላኺቶም።

# ዓቕሚ ፖሊስ ክልል ትግራይ ንምዕባይ. . .

ኣብቲ ምጅማር ስልጠና ዝተሳተፉ ናይቲ ዕለት ናይ ክብሪ ዕዱም ጋሻ ምክትል ፕረዚደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ሌተናል ጀነራል ፃድቃን ገ/ትንሳኤ ከምዝበልዎ፤ ዩኒቨርስቲ ፖሊስ ኢትዮጵያን ዓለም ለኸ ማሕበር ቀይሕ መስቀልን፣ ፖሊስ ትግራይ ትካላዊ ዓቕሙ ናብ ንቡር ንምምላስ ልዑል ፃዕሪ ኣብዚ ግበረሉ ዘሎ እዋን እዚ ስልጠና እዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ ብምኳኑ ነቲ ስልጠና ዘዳለዉ ኣካላት ብሽም ባዕሎምን ግዝያዊ ምምሕዳር እቲ ክልልን ዘለዎም ልዑል ኣድናቖት ገሊፆም።

ፕረዚደንት ዩኒቨርስቲ ፖሊስ ኢትዮጵያ ምክትል ኮሚሽነር ጀነራል መስፈን ኣበበ ብወገኖም፣ ዩኒቨርስቲ ፖሊስ ኢትዮጵያ ብመሰረት ተልእኹኡ እዚ ስልጠና ብፍሉይ ንፖሊስ ክልል ትግራይ ብምድላዉ ንኣመራርሓታት ፖሊስ ስልጠና ምሃብ ምጅማሩ ዝተሰመዖም ታሕጓስ ብምግላፅ፤ ንቀፃሊ ‘ውን እቲ ትካል ናብ ንቡር ንምምላስ ተመሳሳሊ ድጋፍ ንምሃብ ከምዝሰርሕ ገሊፆም።

ብተወሳኺ ኮሌጅ ፖሊስ ትግራይ ናብ ትካላዊ ዓቕሙ ተመሊሱ ሞያዊ ብቕዓት ክህልዎ ናብ ዝኽእለሉ ዓቕሙ ንምብፃሕን ምስ ካልኦት ትካላትን ብምትሕብባር ሓገዙ ቀፃሊ ከምዝኸውን ብምግላፅ፤ ዋና ኣዛዚ ፌደራል ፖሊስ ኢትዮጵያ ኮሚሽነር ጀነራል ደመላሽ ገ/ሚካኤል ንፖሊስን ኮሌጅን እቲ ክልልን ንምድጋፍ ቑርፀኛ ቅዋም ከምዘለዎም ኮሚሽነር ጀነራል መስፈን ኣበበ ገሊፆም።

ሓላፊ ፕሮግራማትን ምክልኻልን ዓለም ለኸ ኮሚቴ ቀይሕ መስቀል ልኡኽ ኢትዮጵያ ሚስተር ብሩስ ሎረንዝ ባይበር፣ ዩኒቨርስቲ ፖሊስ ኢትዮጵያ ነዚ ስልጠና ብምድላው ዓለምለኻዊ ኮሚቴ እቲ ቀይሕ መስቀል ተሳታፊ ንክኸውን ብምግባዙ ዝተሰመዖም ታሕጓስ ገሊፆም።

ሓላፊ ክፍሊ ምምሕዳርን ምሕደራን ኮሌጅ ዩኒቨርሲቲ ፖሊስ ኢትዮጵያ ኮማንደር ፍቃዱ ጌታቸው ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፤ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶርያ ካብ ዝፍረም ጀሚሩ ትካላት ፌደራል ንክልል ትግራይ ብዝተፈላለዩ ዓውድታት ከድግፉ ከምዝፀንሑ ብምዝኽኻር፤ ዩኒቨርስቲ ፖሊስ ኢትዮጵያ ኣብ ሓደ እዋን ዝከኣሎ ኩሉ ድጋፍ እናገበረ ፀኒሑ ‘ዩ። ኣብዚ እዋን እዚ’ውን ዘየቋርፅ ደገፍ ይገብር ከምዘሎ ገሊፆም።

እቲ ዩኒቨርሲቲ ድሕሪ እቲ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ኲናት ንግልጋሎት ፖሊስ ፍሉይ ድጋፍ ከምዝገበረ ብምጥቃስ፤ ንኮሌጅ ፖሊስ ክልል ትግራይ ስልጠናን ደገፍን ብምሃብ ነቲ ኮሌጅ ብእታዎታት ዘገልግሉ ዝተፈላለዩ ንዋት ከምዝደገፈ ጠቒሎም።

ከም ገለፃ እቶም ኮማንደር፤ ኣብዚ ሕዚ እዋን ዝካየድ ዘሎ ስልጠና ዓቕሚ ኣመራርሓ ፖሊስ ክልል ትግራይ ንምጥንኻርን በቲ ኲናት ዝተፈጠረ ክፍተታት ንምምላእን ዝዓለመ ‘ዩ። ብፍላይ ዘመናዊ ኣመራርሓ ፖሊስ ዓቕምን ብቕዓት ኣፈፃፅማን ናብ ዝለዓለ ደረጃ ምብፃሕ ምኳኑ ኣብሪሆም።

ኣብ ኩሉ ብርኪ ንዘለዉ ኣባላት ኣመራርሓ ብምስልጣንን ዓቕሚ ፖሊስ እቲ ክልል ብዝበለፀ ምሕያልን ዓብዪ ረብሓ ኣለዎ። እቲ ስልጠና ግልጋሎት ፖሊስ ብቕልጡፍን ፅሬትን ንምክንዋን ዘለዎ ተራ ዓብዪ ‘ዩ። ኣብ ቀፃሊ ከምዚ ዓይነት ስልጠናታት ክጠናኸር ደገፍ ዩኒቨርስቲ ፖሊስ ኢትዮጵያ ተጣናኺሩ ዝቕፅል ምኳኑ ኮማንደር ፍቃዱ ኣረጋጊፆም።

ዩኒቨርስቲ ፖሊስ ኢትዮጵያ ኣብታ ሃገር ዘመናዊ ፖሊስ ካብ ዝጣየሸ ጀሚሩ ድሕሪ 4 ዓመት ኣብ 1939 ዓ.ም ኣባዲና ፖሊስ ኮሌጅ ብዝብል ሽም ዝተመስረተት ፍሉጥ ትካል ምኳኑ ዝፍለጥ ‘ዩ።

# ዘይሕጋዊ ስደት መናእሰይ . . .

መንገዲ ንሞት ይቃላዕ ፤በቶም ደለልቲ ይውቃዕን ኣካላቱ ንመሸጣ የውዕልዎን ኢሎም።

በዚ ምኽንያት ድማ ኣፍቲ ሕብረተሰብ ቑጠባውን ማሕበራውን ቕልውላው እናበፅሐ ከም ዝርከብ ብምግላፅ፤ናብ ሕማምን ህውከትን ዝኣትው ወላዲ ቑፅሩ ውሑድ ከም ዘይኮነ ተዛሪቦም።

ኣይተ ሓይሽ ከም ዝበልዎ፤መንእሰይ ትግራይ ድሕሪ ኵናት ዝነበሮ እቶትን ሃፍትን ብሰንኪ ምስኣኑ፣ ብቕልጡፍ ሓዱሽ ዕድል ስራሕ ክመቻቸወሉ ብዘይምኽኣሉን ብተወሳኺ ድማ ኹነታት ፖለቲካ ብዘይምርግግው ተስፋ እናቖረፀ ብበዝሒ ናብ ስደት ዝውሕዝ መንእሰይ ኣለና።

እቶም ሓላፊ ቖንዲ ምኽንያት እቲ በዝሒ ዘይሕጋዊ ስደት መናእሰይ ትግራይ እንተብርሁ፤ዝተራቐቑ ዘይሕጋዊ ደለልቲ ኾነ ኢሎም ብወፍሪ ብስውር እናሰርሑ ከም ዝርከቡ ድሕሪ ምግላፅ፤እቲ ዝገብርዎ ዘለዉ ወፍሪ ኻሊእ መልክዕን ዕላማን ክህልዎ ከም ዝኽእል ሓቢሮም።

እቲ መንእሰይ ዘለዎ ሕፅረት ግንዛበ ድማ ዓርሱ ዝኽኣለ ደፋኣይ ምኽንያት ከም ዝኾነ ብምግላፅ፤ኣብ ዓዱ ኾይኑ ስራሕ ክፈጥር ከም ዝኽእል ዘይምርዱኡ፤ልቓሕ ገንዘብ ብዘይምርካቡን ልዕሊ ዝሓለፈ ግዘ በዝሒ ቑፅሪ ዘለዎ መንእሰይ ናብ ስደት ክወፅእ እናተገደደ ይርከብ ኢሎም።

እቶም ሓላፊ፤ነዚ ተፈጢሩ ዘሎ ዓብዪ ፀገም ንምፍታሕ ካብ መንጎ ዝተኹዱ ኽያዶታት እንትገለፁ፤እቲ ጊዚያዊ ምምሕዳር እስካዕ ሓዚ ዝተፈላለዩ መድረኻት ብምፍጣር ምስ ዝተፈላለዩ



**ኣይተ ሓይሽ ስባጋድስ**

መዳግቲ ኣካላት ብምኳን፤እቲ መንእሰይ ዓርሱ ናብ ምህዳእን ስራሕ ንኽሰርሕ ዘኽእሎ ናይ መነቓቕሒ ስልጠናታት ክወሃብ ከም ዝተገበረ ገሊፆም።

ብፍላይ ድማ እዚ ናይ ስደት ጉዳይ ኣጀንዳ ብምግባር ኣብ ወፃእን ውሽጢ ዓድን ብዙሕ ርብርብ እናተገበረ ከም ዝርከብ ብምግላፅ፤ኣብ ሓፂር እዋን ለውጢ ንምምፃእ ኹሉ ኢትዮጵያዊ ጉዳይ ትግራይ ከተሓሳስቦ ከም ዝግባእን ብዝኾነ ነገር ኣስተዋፅኦ ንኽገብርን ተላብዮም።

# ህዝቢ ኣብ ግድብ ኣባይ. . .

ኣትሒዙ ክሳብ ሕዚ ልዑል ናይ ልምዓት ቓልሲ እናገበረ መፂኡ ‘ዩ። ብር 19 ቢሊዮን ሓገዝ ገይሩ ኣሎ። ህዝቢ እናገበሮ ብዝመፀ ልዑል ተሳትፎ ኣብዚ ሕዚ እዋን እቲ ግድብ ናብ ምዝዛሙ እናተቓረበ ይርከብ።

ህዝቢ ኢትዮጵያ ንልምዓትን ለውጥን ዘለዎ ድሌትን ተሳትፎን ልዑል ‘ዩ ዝበሉ እቶም ዳይሬክተር፤ እዚ ግድብ እዚ ሕዚ ‘ውን መሊኡ ክሳብ ዝዛዘም ተሳትፍኡ ከም ናይ ትማሊኡ ኣሐይሉ ክቕፅሉ ኣለዎ ኢሎም።

ዓብዪ ግድብ ህዳሰ ኢትዮጵያ ካብ ዝጅመር ክሳብ ሕዚ 13 ዓመቱ ኣቑፂሩ ኣሎ፤ ህዝቢ ክሳብ ሕዚ እናገበሮ ብዝመፀ ብርቱዕ ተሳትፎ 95 ሚኢታዊ ተሰሪሑ ‘ዩ፤ ናብ ከባቢ 42 ቢልዮን ሜትር ኪዩብ ማይ ‘ውን ሒዙ ይርከብ፤ እዚ ካብቲ ዝተተለመ 74 ቢልዮን ሜትር ኪዩብ መብዛሕትኡ መጠን እቲ ማይ ተታሒዙ ኣሎ ክብሉ ገሊፆም።

እዙይ ማለት ከምዝፍለጥ እቶም ተርባይናት ምፍልፋል ኤሌክትሪክ ጀሚሮም ‘ዮም፤ ክልተ ተርባይናት ኣብ ስራሕ ‘ዮም ዝርከቡ። ኣብ ቀረባ እዋን ድማ ከባቢ 5 ተርባይናት ስራሕ ክጅምሩ ‘ዮም።

እዚ ኤሌክትሪክ ንመላእ ኢትዮጵያ ዝኸውን ኮይኑ ገሊኡ ድማ ናብ ናብ ጎረቤት ሱዳን፣ ኬንያን ጁብቲን ዝመሳሰላ ሃገራት እናተለኣኸ ኮይኑ ናብ ካልኦት ከም ናብ ታንዛንያን ደቡብ ኣፍሪካን ዝበላ ሃገራት ‘ውን ንምልኣኽ ትልሚ ከምዘሎ ገሊፆም።

ከም ቦንዲ ብምግዛእ ካልኦት ኣብ ዝግበር ዘሎ ምውፃእ ኣዝዩ ዝነኣድ ‘ዩ። ህዝቢ ከምቲ መጀመርታ ነዚ ግድብ እዚ ንምውዳእ ቓል ዝኣተዎ ብኹሉ ዓይነት እናተረባረበ ‘ዩ ዝርከብ። ከምኡ ‘ውን ኩሉ ህዝቢ በቢሞይኡ ዝተፈላለዩ ኣስተዋፅኦ እናገበረ ‘ዩ።

እዚ ግድብ እዚ ብምትሕብባር ህዝብን መንግስትን ኣብዚ ብርኪ እዚ ምብፃሑ መንግስቲ ይኹን ህዝቢ ኢኮኖሚያዊ ለውጢ ሃገርና ዘለዎ ቖራፅነት ዘርኢ ‘ዩ። ብሓፈሻ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ልምዓት ዘለዎ ምልዕዓልን ተሳትፎን ልክዕ ኣብ ዓወት ኲናት ዓድዋ ዝገበሮ ተሳትፎ ወይ ዝተረኣየ ሓድነት ዝመሳሰል ‘ዩ ኢሎም።

እዚ ግድብ እዚ ካብ ዝጅመር ኣትሒዙ ህዝቢ ዝተፈላለዩ ተሳትፎታት እናገበረ መፂኡ ‘ዩ፤ ብገንዘብ ካብ ምሕጋዝ ብተወሳኺ እቲ ግድብ ብደለል ከይመልእ ኣብ ናይ ሓምላዋይ ዓሻራ ማለት ምትካል ፍልሲ ‘ውን ብዙሕ ምርብራብ እናገበረ መፂኡ ‘ዩ።

ብብርቱዕ ተሳትፎ ህዝብን መንግስትን ናብ ምዝዛም ገፁ እናኸደ ‘ዩ። ካብ ሕዚ ንደሓር እቲ ቀርዩ ዘሎ ስራሕቲ መሊኡ ክዛዘም ኣብ ደገን ውሽጥን ዝርከብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኢሉ’ውን ፈተውቲ ኢትዮጵያ ተሳትፈኦም ከሕይሉ ተማሕፂኖም።

ህዝቢ ካብ ብገንዘብ ሓገዝ ብተወሳኺ ኣብ ሓምላዋይ ዓሻራ ‘ውን እቲ ግድብ ብደለል ከይመልእ ብሰፊሑ እናተንቐሳቀሰ መፂኡ ‘ዩ። እዚ ስራሕ እዚ ጠቕላላ ህዝቢ ብጉልበት፣ ፍልጠን ገንዘብን እናተሳተፈሉ ዘሎ ኩነታት ‘ዩ ዘሎ።

እዚ ግድብ እዚ ካብ ፀልማት ናብ ብርሃን ዘሳጋግር ‘ዩ፤ ብዙሕ ኢኮኖሚያዊ፣ ፖለቲካዊን ማሕበራዊን ጥቅሚ ዘለዎ ‘ዩ። ነዚ ተሓሳቢ ብምግባር ‘ዩ ብትኹረት ዝስራሕ ዘሎ።

ቖንዲ ቑልፊ ነገር ድማ ሓድነትን ሕብረትን ህዝቢ ‘ዩ። ብሕብረት እንተተሰሪሑ ዝተደለየ ውፅኢት ወይ ዕቤት ንምምፃእ ዝኸብድ ኣይኮነን። ካብ ድሕረትን ድኽነትን ከንወፅእ ንኽእል ኢና።

ሕዚ ድማ እቲ ዝቀረየ ሙሉእ ብሙሉእ ክዛዘም ህዝቢን መንግስቲን ከም ናይ ትማሊኡ ብኹሉ መዳይ ምትሕብባሩ ኣጣናኺሩ ክቕፅል መልእኽቶይ ኣመሓላሊፎም ።

መበል 13 ዓመት ምንባር ኩርናዕ እቲ ግድብ «ብሕብረት ንኽእል ኢና» ብዝብል ቴማ ብዝተፈላለየ መደባት ይኽበር ኣሎ። ንህንፃት እቲ ግድብ 24 መጋቢት 2003 ዓ.ም እምነ ኩርናዕ ከምዝተቐመጠሉ ዝፍለጥ ‘ዩ።

# ኣዲስ ኣበባ ትርኽቲ ብሄራዊነትን ምትእስሳርን ዝተረጋገፀላ ከተማ ንምግባር እናተሰርሐ ‘ዩ

**በሪሁ ኣረጋ**



ኣዲስ ኣበባ፡- ኣዲስ ኣበባ ትርኽቲ ብሄራዊነትን ምትእስሳርን ዝተረጋገፀላ ከተማ ንምግባር እናተሰርሐ ‘ዩ ክብሉ ምክትል ፕሬዝዳንት ፓርቲ ብልፅግና ኣይተ ኣደም ፋራህ ገሊፆም።

“ቓል ብተግባር ንብልፅግና ኢትዮጵያ” ብዝብል ቴማ ፓርቲ ብልፅግና ከተማ ኣዲስ ኣበባ እናካየዶ ንዝነበረ ኮንፈረንስ መዛዘሚ መርሃ-ግብሪ ኣብ መዘከርታ ዓወት ዓድዋ እንትካየድ ኣይተ ኣደም ፋራህ ከምዝገለፅዎ፤ ኣዲስ ኣበባ ትርኽቲ ብሄራዊነትን ምትእስሳርን ዝተረጋገፀላ ከተማ ንምግባር ከም ፓርቲ ዓብዪ ልእኽቶ ኣለና። በዚ መሰረት ‘ውን እታ ርእሰ-ከተማ ትርኽቲ ምትእስሳር፣ ሓቓፋይነት፣ ኣካታታይነት፣ ሕብረ-ብሄራዊ ሓድነትን ሕውነትን ዝዓሰላ ከተማ ንምግባር ዝተጀመረ ስራሕ ተጠናኺሩ ክቕፅል ‘ዩ።

ከም ገለፃ ኣይተ ኣደም፤ ፓርቲ ብልፅግና ዝሓለፈ ፅቡቕ ታሪኽ ናብ ወለዶ ንምምሕልላፍን ናይ ሕዚ ወለዶ ናይ ዓርሱ ታሪኽ ንኽሰርሕን ንምኽኣል ዘለዎ ቑራፅነት ካብ መንጎ ዝተርኣየሎም ስራሕቲ መዘከርታ ዓወት ዓድዋ እቲ ሓደ ‘ዩ። እዚ ‘ውን ኣብታ ርእሰ-ከተማ ልዕልነት ትርኽቲ ምትእስሳር ንኸረጋገፅ ንዝግበር ፃዕሪ ሓጋዚ ‘ዩ።

ኣዲስ ኣበባ ብልፅግና ኢትዮጵያ ኢሉ ‘ውን ኣፍሪካ ዝረኣየላ ንምግባር እታ ከተማ ንመነባብሮ ምቹውትን ከም ሽማ ዕምበባን ንክትኸውን ንዓለምለኸ ደረጃ ልምዓት ከተማ መሰረት ብዝገበረ መልክዑ ስራሕቲ ስለዝተሰርሑ ውፅኢታት እናተመዝገቡ ምዃኖም እቶም ምክትል ፕሬዝዳንት ሓቢሮም።

በዚ ‘ውን ዛጊድ ዝተሰርሑ ስራሕቲ እኹላት ‘ዮም ተባሂሉ ከምዘይሕሰብ ዝተዛረቡ ኣይተ ኣደም፤ ጅማሮ ብምዃኖም ኣብቶም ዝተረፉ ናይ መረፃ ዘመናት ‘ውን ነታ ከተማ ንዝተትሓዙ ትልምታት ብዝተማልአ መልክዑ ኣሳኺዕና ውፅኢታዊ ፓርቲ ምዃንና ነረጋግፀሉ ግዜ ‘ዩ ክኸውን ኢሎም።

ከንቲባ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣዳነች ኣቤቤ ብወገነን፤ ድሕሪ እቲ ለውጢ ኣብ ፈታኒ ሃገራዊ፣ ዞባዊን ዓለምለኻውን ኩነታት ውሽጢ ኾይንና ዘመን ዝሳገሩ ዓወታት እናመዝገብና ብምዃኑ ህዝቢ ኣብቲ ኸይዲ እምነትን ተስፉን ስለዘሕደረ ነቲ ፓርቲ ምሉእ ፈቓድ ክህብ ከምዝኸኣለ ተዛሪበን።

ከም ገለፃ እተን ከንቲባ፤ ኣብ ኣፈፃፅማ መፋርቕ ዘመን መረፃ ዝተመዝገቡ ዓወታት ብምልካዕ ኣብ ኣንፈታት ቐፃሊ ብምርድዳእ ምርብራብ ኣዝዩ ኣድላዪ ‘ዩ። እቲ ፓርቲ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመትን መንፈቕን ንኣባላቱን ኣመራርሓታቱን ኣዋዲዱ ብምምርሑን ንህዝቢ ብቐጥታ ብምስታፉን ዘበረታትዑ ውፅኢታት ከመዝግብ ኸኢሉ ‘ዩ። ኣዲስ ኣበባ ኹሉ ብማዕረ ዝስተኣናገደላ ምዃና እናረጋገፀት ትርከብ ።

እታ ከተማ ብመንፅር ዘለዋ ሃገራዊ፣ ኣህጉራዊን ዓለምለኻውን ልእኽቶ ሰላማን ድሕንነታን ክኽበር ምግባር ቐዳማይ ውራይ ‘ዩ ኢለን።

ከምገለፃ እተን ከንቲባ፤ ኣባላትን ኣመራርሓታትን እቲ ፓርቲ ተዋዲዶም ብዝሰርሕዎ ስራሕ ሽርሒ ፀረ-ሰላም ሓይልታት ምፍሻል ተኻኢሉ ‘ዩ።

“ንቓል ብተግባር” ብዝብል ቴማ ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ልምዓት ኣብ ዓለምለኻዊ መድረኽ ልምዲ ዝቕሰመሎም ክኾኑ ከምዝኸኣሉ ኣልዒለን፤ ብፍላይ ብሰብ ተኮር ስራሕቲ ኣብ ኣረጋውያን፣ ደቂ ኣንስትዮን መናእሰይን ብምስራሕ መነባብሮ ሕብረተሰብ ንምልዋጥ እናተሰርሐ ምዃኑ እተን ከንቲባ ተዛሪበን።

ዕላማ እዚ ኮንፈረንስ ዝለዓለ ምልዕዓል ብምፍጣር ንቐፃሊ ዓብዪ ልእኽቶ ንሰንቀሉን ነዚ ‘ውን ቓል ንኣትወሉን ‘ዩ ዝበላ እተን ከንቲባ፤ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታትን መንፈቕን ዝተረኸቡ ዓወታት ፈተናታት ዝነበርዎ እንተኾነ ‘ውን ነቲ ፈተና ብምሕላፍ ዘንፀባርቕ ዓወት ከምዝተመዝገበ ሓቢረን።

# ተሓቆንቲ ትካላት መስተ ማይ ትግራይ ብዝተዋደደ ኣገባብ ይስረቓ ኣለዋ ተባሂሉ

**ኣብርሃ ሓጎስ**



ኣዲስ ኣበባ፡- ድሕሪ ኲናት ፅገና ዝተገበረለን ተሓቆንቲ ትካላት መስተ ማይ ትግራይ ይጎሓላን ይስረቓን ስለዘለዋ ግቡእ ሓለዋን ክንክንን ክግበረለን ቢሮ ማይን ኢነርጂን ትግራይ ኣተሓሳሲቡ፡፡

ቢሮ ማይን ኢነርጂን ትግራይ ናብ ኹለን ከተማታት፣ ወረዳታትን ጣብያታት ትግራይ ኢሉ ከምዝፀሓፎ ፤ ድሕሪ ኲናት ፅገና ዝተገበረለን ተሓቆንቲ ትካላት መስተ ማይ ኣብ መላእ ትግራይ ብዝተዋደደ ኣገባብ ኮነ ተባሂሉ ብጉግይ ኣተሓሳስባ ይጎሓላን ይስረቓን ከምዘለዋ ብምሕባር፤ ነዚ መዕነዋይ ተግባር ደው ከብላን ግቡእ ሓለዋን ክንክንን ክገብራ ፀዊዑ፡፡

ብተወሳኺ ካብ ዞባ ክሳብ ጣብያ በቢብርኩ ዘሎ ኣመራርሓን ኣካላት ፀጥታን ብምዉዳድ ህዝቢ ኣተሓባቢርካ እቲ ዝግበር ዘሎ መዕነዋይ ተግባር ሕብረተሰብና ኣብ ልዕሊ ፀገሙ ተወሳኺ ፀገም ንምፍጣር ዝዓለመ ተግባር ከምዝኾነ ዝሓበረ እቲ መግለፂ፤ ብዘይወዓል ሕደር ድማ ዝኾነ ዓይነት ኣብ ግልጋሎት ዝወዓላ መሳርሒ ተሓቆንቲ ትካላት መስተ ማይ ካብን ናብን ንከይጓዓዓዝ፣ ኣብ ሕድሕድ ኬላ ክትትልን ተፍትሽን ክግበር እቲ ቢሮ ኣፍሊጡ።

ከምኡ ‘ውን ዝኾነ ኣካል ክሽጥን ክዕድግን ዝተረኸበ ብሕጊ ተሓታቲ ከምዝኸውን ብምግላፅ፤ እቲ ሕብረተሰብን በቢከባቢኡ ዘሎ ምምሕዳርን ብዝተወደበ ኣገባብ እተን ዝጥቀመለን ትካላት መስተ ማይ ንብረቱ ምዃኑ ተረዲኡ ጉሒላታት ከቃልዕን ሓለዋን ክንክንን ክገብር ነተሓሳስብ ኢሉ፡፡ ኣብዚ መነወሪ ተግባር ዝተሳተፉ ኣካላት ድማ ካብ እኩይ ተግባሮም ክዕቀቡ እቲ ቢሮ ኣጠንቂቑ።

እቲ ቢሮ፣ ገበርቲ ሰናይ ብምትሕብባርን ሕብረተሰብ ብምስታፍ ብውስን ሃፍቲ ብርክት ዝበላ ትካላት ማይ ፅገና ብምክያድ ናብ ግልጋሎት ክኣትዋ ፃዕሪ ከምዝግበረ ብምግላፅ፤ ይኹን ‘ምበር ብምኽንያት ስርቂ ተሓቆንቲ ትካላት ማይ ህዝብና ንዓፀቦን ንማይ ፃምእን ከምኡ ‘ውን ንማይ ወለድ ሕማማትን ተቃሊዑን እናተቃልዐ ይርከብን ከምዘሎ እቲ መግለፂ ኣፍሊጡ፡፡

ከም ገልፃ እቲ ቢሮ፤ ቢሮ ማይን ኢነርጂን ብክልል መንግስቲ ትግራይን ብናይ ገበርቲ ሰናይ ሓገዝ ወሃብቲ ኣካላትን ብምውዳድ ፍሉይ ትኹረት ተዋሂብዎ ኣብ ገጠርን ከተማን በቢዓመቱ ኣብ ቀረብ መስተ ማይን መስኖን ስራሕቲ ኢነርጅን ንነዊሕ ዓመታት ብርክት ዝበሉ ሕብረተሰብ ተጠቃማይ ዝገብር ዓበይቲ ናይ ልምዓት ስራሕቲ እናሰርሐ መፂኡ ‘ዩ፡፡

ኾይኑ ግና ብመንግስቲ ገበርቲ-ሰናይን ሓገዝ ወሃብቲ ኣካላትን ተሃኒፆም ንሕብረተሰብ ግልጋሎት እናሃቡ ዝነበሩ ትካላት መስተ ማይ በቲ ዝተፈጠረ ኵናት ብዝበፅሖም ዕንወት ብርክት ዝበሉ ናይ መስኖን መስተ ማይ ትካላትን ውፅኢት ኢነርጂን ብምዕናውን ብምዝራፍን ብቑሊሉ ዘይሓዊ ፀገማት ኣብ ኩሉ ከተማታትን ገጠራትን ትግራይ ሕፅረት ቑረብ ፅሩይ ዝስተ ማይ ከምዘጋጠመ ወሲኹ ገሊፁ ‘ዩ፡፡

# መፍረያይነት ዝውስኹ ፈልስታት ፍራምረን ኣሕምልቲ ገደናን ናብ ሓረስቶት እናተዘርግሑ ‘ዮም

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ መፍረያይነት ዝውስኹ ፈልስታት ፍራምረን ኣሕምልቲ ገደናን ናብ ሓረስቶት እናተዘርግሑ ምዃኖም ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ግዝያዊ ምምሕዳር እቲ ክልል ኣፍሊጡ።

ነቶም ፈልስታት ናብ ሓረስቶት እቲ ክልል እናቕረበ ዝርከብ ኣብ ከተማ መቐለ ዝርከብ ባዮ-ቴክኖሎጂ ዝተብሃለ ውልቃዊ ትካል እንትኸውን፤ እቶም ፈልስታት መስኖ ተጠቒምካ ዝለምዑ ምዃኖም ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ግዝያዊ ምምሕዳር እቲ ክልል ኣፍሊጡ።

ዳይሬክተር ልምዓት መስኖ እቲ ቢሮ ኣይተ በሪሁን ኣረጋዊ ንግልጋሎት ዜና ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፤ ኣብ ትግራይ ብሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቃዊ ማሕበር ባዮ-ቴክኖሎጂ ፈሊሶምን ተባዚሖምን ናብ ሓረስቶት እናቐረቡ ዝርከቡ ፈልስታት ፍራምረን ኣሕምልቲ ገደናን መፍረያይነት ብልዕሊ 50 ሚኢታዊ ንክውስኽ ዝገብሩን ሕማም ዝፃወሩን ‘ዮም።

ካብ ዝሓለፈ ታሕሳስ ክሳብ መወዳእታ ለካቲት 2016 ዓ.ም ‘ውን 150 ሽሕ ዝኾኑ ሓረስቶት ምሩፅ ዘርእታት ብምጥቃም 54 ሽሕ ሄክታር መሬት ብመስኖ እናልምዑ ከምዝርከቡ ተዛሪቦም።

ተወሲዶም ብሓረስቶት እቲ ክልል እናለምዑ ካብ መንጎ ዝርከቡ ፍራምረን ኣሕምልቲ ገደናን ፈልስታት ኣራንሺ፣ ፓፓያ፣ ሎሚን፣ ዘይትሁን፣ ሙዝ፣ ማንጎ፣ ኣፕል፣ ድንሽ፣ ቀይሕን ፀዓዳ ሽንጉርትን፣ ኮሚደረን በርበረን ይርከብዎም።

ናብቶም ሓረስቶት እናተዘርግሑ ዝርከቡ ዓሌታት ብፍርያት ምግቢ ዓርሰኻ ንምኽኣል ንዝግበር ፃዕሪ ንምሕጋዝ ከምዝኽእሉ ‘ውን እቶም ዳይሬክተር ገሊፆም።

ኣብ ዝቕፅሉ ኣዋርሕ እቲ በጀት ዓመት ‘ውን እቲ ትካል ግልጋሎቱ ብምስፋሕ 200 ሽሕ ሓረስቶት ተጠቀምቲ ንምግባር ዝተዋደደ ትልሚ ኣውፂኡ እናሰርሐ ከምዝርከብ ኣመላኺቶም።

እቶም ብዘመናዊ መገዲ ፈሊሶምን ተባዚሖምን ናብ ሓረስቶት እናተዘርግሑ ዝርከቡ ዓሌታት ካብቶም ብባህላዊ ሜላ ኣሰራርሓ ዝዳለዉ ዓሌታት ልዕሊ 50 ሚኢታዊ መፍረያይነት ከምዝውስኹን ሕማም ከምዝፃወሩን ብዝተገበረ ፈተነ ከምዝተረጋገፀ ተፈሊጡ።

ካብ መጋቢት ክሳብ መወዳእታ ሓምለ 2016 ዓ.ም ኣብ ዘለዉ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ሸሞንተ ነጥቢ ሽዱሽተ ሚሊዮን ፈልስታት ብምፍላሕን ብምብዛሕን ልዕሊ 200 ሽሕ ንዝኾኑ ሓረስቶት ተጠቀምቲ ንምግባር ምድላው እናተገበረ ምዃኑ ገሊፆም።

# ኣብ ከተማ ኣኽሱም ወፍሪ ክታበት ፀረ ፅግዕተኛ ሓሳኹ ተኻይዱ

ኣዲስ ኣበባ፡-ኣብ ከተማ ኣኽሱም ኣብ ወፍሪ ክታበት ፀረ ፅግዕተኛ ሓሳኹ ብምውዳድን ብምድግጋፍን ስለዝተሰርሐ ኣብ ሓፂር ግዜ ኣወንታዊ ውፂኢት ከምዝተመዝገበ ቤት ፅሕፈት ጥዕና ከተማ ኣኽሱም ገሊፁ።

ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ጥዕና ከተማ አኽሱም ኣይተ ኣብርሃለይ ሽፋራው ከምዝገለፅዎ ኣፈፃፅማ መደባት ወፍሪ ክታበት ዕደላ ፀረ ፅግዕተኛ ሓሳኹ ኣብ ሓሙሽተ መዓልቲ ካብ ዝተትሓዘ ትልሚ 27 ሽሕን 454 እቲ ዝተፈፀመ ድማ 26 ሽሕን 387 ብሚኢታዊ 96.1 ከምዝኾነ ገሊፆም።

ኣብ ወፍሪ ክታበት ፀረ ፅግዕተኛ ሓሳኹ ኣወንታዊ ተግባር ክምዝገብ ዝኸኣለ ብምኽንያት ሰራሕተኛታት ቤት ፅሕፈት ጥዕናን ሰራሕተኛታት ቤት ፅሕፈት ትምህርቲን ተናቢብናን ተደጋጊፍናን ምስራሕ ‘ዩ ክብሉ ኣይተ ኣብርሃለይ ሽፋራው ገሊፆም ክብል ሓበሬታን ርክብን ከተማ ኣኽሱም ፀሪሑ ቤት ፅሕፈት ጉዳያት ኮሙዩኒኬሽን ትግራይ ፀብዩ።



# ስፖርት



## ኣብ ፀወታታት ስፖርቲ ኣፍሪካ ዝደመቐት ጋንታ ኢትዮጵያ

መኣርግ ገ/ሄር

ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት ዝተዛዘመ ፀወታታት ስፖርት ኣፍሪካ ተሳታፊ ዝነበረት ጋንታ ኢትዮጵያ ናብ ሃገራ ምእታዋ ዝዝከር ‘ዩ፡፡ ኣብ ኣክራ ጋና ኣብ ዝተኻየደ መበል 13 ውድድር ኣፍሪካ ኢትዮጵያ ኣብ ኦሎምፒክ ብዘለዋ ልዑል ተሳትፎ ናይ ቦክሲንግን ቅድድም ብሽክለታን ኣትሌቲክስን ብዙሕ መዳልያታት ከም ዝረኸበት ዝፍለጥ ‘ዩ። ኣብዚ ውድድር ብምስታፍ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኽ ውድድር ሽምን ባንዴራን ሃገር ዘንበልበለት ልኡኽ ጋንታ ኣብ ዓለምለኻዊ መዓርፎ ነፈርቲ ቦሌ ምስ በፅሐት ምውቕ ኣቀባብላ ተገይሩላ ‘ዩ።

ቅድሚ ሕዚ ኣብዚ ውድድር ብ9 ዓይነታት ስፖርት ብዘይተለምደ ኣገባብ ዝተሳተፈት ጋንታ ኢትዮጵያ ዝሑል ጅማሮ ‘ኳ እንተነበራ መወዳእታ ግን ፅቡቕ ክኸውን ክኢሉ ‘ዩ፡፡ ኣብ ስፖርቲ ኣትሌቲክስ ብዙሕ ብርክት ዝበሉ ሜዳልያታት ኣብ ርእሲ ምምዝጋቦም ኣብ ታሪኽ ፈላማይ ዝኾኑ ዓወታት ኣብ ካሊእ ዝተፈላለየ ስፖርት ’ውን ተመዝጊቡ ‘ዩ። ብኻልእ ወገን ድማ ካብ ተሳትፎ ሓሊፎም ተወዳደርቲ ክኾኑ ዘይኽእሉ ብዙሓት ስፖርትታት ነይሮም ‘ዮም። እዚ ውድድር ብመሰረት መትከል ኦሎምፒክ ዝካየድ ምኻኑ ስዒቡ ኣብ ገለ ስፖርትታት ከም መፃረዪ ኮይኑ የገልግል ‘ዩ፡፡ ኣብዚ ልኡኽ ኢትዮጵያ ብፍላይ ኣብ 5 ኦሎምፒክ ስፖርትታት ማለት ኣትሌቲክስ፣ ኩዕሶ እግሪ፣ ብሽክለታ፣ ቦክሲንግን ዓለም ቴኳንዶ ስፖርትን



**ኢትዮጵያውያን ደቂ ኣንስትዮ ቦክሰኛታት ኣብ ውድድር ኣፍሪካ ክልተ ወርቂ መዳልያ ብምዕታር ታሪኽ ሰሪሐን እየን፣**

መዳልያታት ንምዕዋት ናብቲ ውድድር ዘቐነዐት ኮይና ኣብ ሰለስተ ጥራሕ ግን ዕዉት ኮይና ‘ያ።

ቀዳማይ ሜዳልያ ኣብ ቅድድም ብሽክለታ እንትኸውን፤ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ካብ ኤርትራ ቐፂሉ ብተዛማዲ ዝሓሸት እትበሃል ጋንታ ኢትዮጵያ ኣብቲ ውድድር ሓያል ተናሕናሒት ነይራ፡፡ በዚ ድማ ትሕቲ 23 ዓመት ደቂ ተባዕትዮ ውልቃዊ ውድድር ብሽክለታ ኪያ ሮጎራ በይኑ ሜዳልያ ብሩር ረኺቡ ‘ዩ። ብሓንቲ ሜዳልያ ጥራይ ንነዊሕ እዋን ዝፀንሐ ጋንታ ኢትዮጵያ ውድድር ኣፍሪካ ክዛዘም ሓሙሽተ መዓልታት ጥራይ ኣብ ዝቐረየሉ ኣብ ዝተጀመረ ውድድር ኣትሌቲክስ ተኸታቲሎም ዝተመዝገቡ ሜዳልያታት ኣብ ደረጃ ሰንጠረዥ ለውጢ ከተምፅእ ክኢሉ ‘ዩ። ጋንታ ኢትዮጵያ ብዘይተለመደ ኩነታት ካብ ነዊሕ ርሕቐት ሓሊፉ ኣብ ሓፂር ርሕቐት ዝተሳተፈት ትኹን’ምበር፤ ካብ’ቲ ኢትዮጵያ እትፍለጠሉ ርሕቐት ወፃኢ ሜዳልያ ዝተረኸበ ኣብ ናይ ምርኩዝ ዝላ ሳልሳይ ደረጃ ዝሓዘ ኣትሌት ኣበራ ኣለሙ ጥራይ ‘ዩ፡፡

47 ደቂ ተባዕትዮን 40 ደቂ ኣንስትዮን ኣትሌታት ብድምር 87 ኣትሌታት ኣብቲ ውድድር ዝተሳተፈት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያ ዝለዓለ ቁፅሪ ሜዳልያ ብምምዝጋብ ሕዚ ‘ውን ሓበን ሃገር ምኺና ኣመስኪራ ‘ያ። 47 ውድድራት ኣብ ዝካየደሉ ኣትሌቲክስ 50 ሃገራት ኣፍሪቃ ምስ ልዕሊ 640 ኣትሌታተን ዘወዳደሩ እንትኾኑ፤ ካብዚኦም እቶም 27 ናብ ሜዳልያ ክፅንበሩ ክኢሎም ‘ዮም። ካብኣቶም ጋንታ ኢትዮጵያ ብኣትሌትክስ ንናይጀሪያ ብምኽታል ካልኣይ ደረጃ ብምሓዝ ዛዚማ ‘ያ። እታ ጋንታ 7 ወርቂ፣ 7 ብሩርን 4 ነሓስን ብድምር 18 ሜዳልያታት ብምምዝጋብ ንጎረቤት ሃገር ኬንያ ኣኸቲላ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ ‘ያ፡፡

ካልእ ተመዝጊቡ ዘሎ ውፅኢት ስፖርት ቦክሲንግ ኮይኑ ብውሑዳት ሜዳልያታት ጥራይ ተሓፂራ ዝፀንሐት ኢትዮጵያ ኣብ ጋና ከተማ ኣክራ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ኣፍሪካ ዓወታ ኣመስኪራ ‘ያ። 7 ቦክሰኛታት ዘሰለፈ ፌደሬሽን ቦክሲንግ ኢትዮጵያ 3 ሜዳልያታት ብምምዝጋብ ዕዉት ተሳትፎ ገይሩ ‘ዩ፡፡ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ስፖርት ቦክሲንግ ልዑል ምንቅቓሕ እናርኣየት እትርከብ ኢትዮጵያ በዚ ስፖርት ቦክሲንግ ናብ ሰንጠረዥ ሜዳልያ ምእታው ካብ ዝኸኣላ 22 ሃገራት ሓንቲ ኮይና ኣላ። ክልተ ደቂ ኣንስትዮ ቦክሰኛታት ኣብ ውድድር ቦክሲንግ ደቂ ኣንስትዮ ንፈለማ እዋን ወርቂ ሜዳልያ ብምዕታር ታሪኽ ሰሪሐን ‘የን።

ብ52 ኪሎ ግራም ቤተልሄም ገዛሀኝ ንሞሮካዊት መጋጥምታ ስዒራ ቀዳመይቲ እንትትኸውን፤ ብምቕፃል ቤተል ወልዱ ‘ውን ብ66 ኪሎ ግራም ዓወት ንሃገራ ኣመዝጊባ ‘ያ። ኣብ ውድድር 75 ኪሎ ግራም ደቂ ተባዕትዮ ዝተሳተፈ ተመስገን ምትኩ ድማ ነሓስ መዳልያ ክዕወት ክኢሉ ‘ዩ። በዚ ድማ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ኢትዮጵያ ኣብ ስፖርት ቦክሲንግ ዘለዋ ኣድማዕነት ኣብ ዓለምለኻዊ መድረኽ ከተረጋግፅ ክኢላ ኣላ። በዚ መሰረት ድሕሪ ሒደት ኣዋርሕ ኣብ ፓሪክ ንዝካየድ ኦሎምፒክ ካብ ተሳትፎ ሓሊፉ ውፅኢት ክምዝገብ ይኽእል ‘ዩ ዝብል ተስፋ ኣሎ።

ብሓፈሻ ኢትዮጵያ ኣብ መበል 13 ፀወታታት ኣፍሪካ 9 ወርቂ፣ 8 ብሩርን 5 ነሓስን ብድምር 22 ሜዳልያታት ብምምዝጋብ ውድድራ ዛዚማ ‘ያ።

## ግደ ዲፕሎማሲ ኣብ ዕብየት ዘፈር ቱሪዝም

**መኣዲ ጥበብ**

ኣብርሃ ሓጎስ

ዘፈር ቱሪዝም ኣብ ኢኮኖሚ ዓለም ልዑል ዕብየት ንክምዝገብ ዓቢ ግደ ካብ ዝተፃወቱ ዘፈራት ሓደ ‘ዩ። ብሓፈሻ ኣብ ሓፈሻዊ ምህርቲ ሃገር(ጂዲፒ) ኣብ ሳልሳይ ብርኪ ከምዝተቀመጠ መፅናዕቲ ትካል ቱሪዝም ዓለም (UNWTO) ይሕብር። 10 ሚእታዊ ዝኸውን ስራሕ ዕድል 30 ብሚእቲ ዝኸውን ድማ ንግዲ ወፃኢ ዝፈጥሮ በዚ ዘፈር ምኽንያት ከምዝኾነ እቲ መፅናዕቲ የመላኽት።

ቱሪዝም ዕብየት ቁጠባ ዓለምና ካብ ምቅልጣፉ ብተወሳኺ ንኹሉ ብማዕርነት ዝካተተ ናይ ሓባር ዕብየት ንምምዝጋብ ዘኽእል ኣማራፂ ከምዝፈጥር ናይዚ ትካል ፅንዓት ተርኢ። ኣብዚ ዘፈር ደቂ ኣንስትዮ፣ መናእሰይ፣ ፍሉይ ኣቃልቦ ዝደልዩ (ጉድኣት ኣካል)ዝኣምሰሉ ዜጋታትን ብዝተፈላለየ ዘፈር ሞያን ክእለት ዘዕብዩ ሰብ ሞያ ዘሳትፍ ዕብየት (inclusive growth) ዘምፅእ ዘፈር ‘ዩ።

ንምስኻዕ ዕላማታት ዘላቒ ልምዓት ዋና ዓምዲ ዝኾነ ብሓላፍነት ምክልኻል ለውጢ ነባሪ ኣየር ከምዝኾነ ይግለፅ ‘ዩ። ምስዚ ተተሓሒዙ ከም ሓበሬታ ዓለምለኸ ትካል ቱሪዝም ኣብቲ ዘፈር ኣውንታዊ ፅዕንቶ ካብ ዝፈጥሩ ሓደ ተፈጥሮ ከይበርስን ኣየር ንብረት ክሕለውን ምኻኑ ይግለፅ ‘ዩ። ኣብዚ ኸይዲ ውሽጢ ቱሪዝም ተፈጥሮ ብምብርትታዕ፣ ኣብ ዓለም ቅርስነት ብምምዝጋብ፣ ሓለዋ ንክግበርን ኢሉ ‘ውን ሚዛን ተፈጥሮ ክሕለው ኣወንታዊ ብፅሒት ይወስድ ‘ዩ።

ከምዝፍለጥ ኢትዮጵያ ካብዚ ዘፈር ተጠቃሚት ንክትኸውን ብፍሉይ ትኹረት ትሰርሕ ከምዘላ ይግለፅ ‘ዩ። ስለዝኾነ ኢትዮጵያ በዚ ዘለዋ ዓሚቕ ዓቅሚ ንምጥቃም ብብርኪ ዓለምለኸ ፅዕንቱኡ ሓፍ ካብ ዝበለ ዘፈር ቱሪዝም ንምውሳድ ካብ ዝኽእሉ ስጉምትታት ውሽጢ ዋና ዋና ዓለምለኸ ምትሕብባር፣ ከምኡ ‘ውን ስግግር ቴክኖሎጂ ከምዝኾነ ዝግለፅ ‘ዩ። በዚ ኩነታት ካብ ቀረባ ዓመታት ናብዚ እናተመዝገቡ ዘለው ለውጥታት ምህላዎም ስራሕ መፈፀሚ ርክብ ህዝቢ ሚኒስቴር ቱሪዝም ዝኾኑ ኣይተ ኣለማየሁ ጌታቸው ይዛረቡ። እቲ ሚኒስቴር ቱሪዝም ብዝምልከት ከምፅእ ተሓሲቡ ዘሎ ሱር ቦቆስ ለውጢ ዝሕግዙ ስራሕቲ ዲፕሎማሲ ምስ ዝተፈላለዩ ሃገራት እናተሰርሐ ምኻኑ የመላኽቱ።

ምስዚ ተተሓሒዙ ድማ ኣምባሳደር ናሲሴ ጫሊ ምስ ሃገረ ቼክ ሪፐብሊክ ናይ ክልተ መዓልቲ ዑደት ስራሕ ገይረን’የን ዝበሉ ቶም ስራሕ መፈፀሚ እተን ሚኒስትር ምስ ባህሊ ምኒስተር ቼክ ሪፐብሊክ ሚስተር ማርቲን ባታ ክልቲኣዊ ዘተ ምግባረን ብምሕባር፤ ናይ ክልቲኦም ሃገራት ቀዳማይ ሚኒስትራት ኣብ ዝዘተዩሎም ጉዳያት ናብ ተግባር ንምቅያር ኣብ ስምምዕነት ምብፅሐን ኣረዲኦን ‘የን። በዚ መሰረት ኣብ ሞንጎ ብሄራዊ ሙዚየማታቶም ዘሎ ምትሕብባር ምጥንኻር ከምዝግባእ ብምምልኻት ኣብ ኣፈፃፅምኡ ዝርዝር ዘተ ምግባረን ተዛሪበን።

ኣይተ ኣለማየሁ ከምዝበልዎ፤ በዚ መበገሲ ብምግባር ቼክ ሪፐብሊክ ዘለዋ ምኑፅ ብሄራዊ ሙዚየም ተሞክሮኣ ንምክፋል ምስ ዳይሬክተር ጀነራል ብሄራዊ ሙዚየም ሚካኤል ሉከስ ዘተ ምባሮም ገሊፆም። ብዝተገበረ ስምምዕነት መሰረት ብህንፀት ዓቅሚ፣ ብሄራዊ ሙዚየም ኢትዮጵያን ንምዝማን ዝግበር ፃዕሪን ከምኡ ‘ውን ዝተፈላለዩ ሙዝየማት ብግዝያውነት ከም መልክዕ ኤግዚቢሽን ብምድላው ኣብ በቢሃገራት ብምርኣይ ሓቢርካ ንምስራሕ ኣብ ምርድዳእ ምብፅሖም ይገልፁ። ብተወሳኺ እተን ሚኒስትር ኣብ ፓርክ ዲቩር ክራሎቭ ሳፋሪ ዑደት ስራሕን ዘተን ምግባረን ኣይተ ኣለማየሁ ኣፍሊጦም።

እቲ ፓርክ ኣብ ኣፍሪካ ጥራሕ ዝርከቡ ብፍላይ ዘርኦም ዝጠፍኡን እናጠፍኡ ኣብ ዘለውን እንስሳት ዱር ትኹረት ገይሩ ዝሰርሕ ሳይንሳዊ መፅናዕቲ ዝገብር እንትኾን ልዕሊ 2000 እንስሳት ዱር ዘለዎን በቢዓመቱ ድማ ክሳብ ሹዱሽተ ሚኢቲ ሽሕ ሰባት ዝጉብንይዎ ፓርኪ ‘ዩ።

ኣብዚ ምስ ሓለፍቲ እቲ ፓርክ ኣብ ዝተገበረ ዘተ ክልቲኣን ሃገራት ዝበለፀ ምትእሳሳር ንክከኣል ኣብ ሓለዋን ምንክብካብን እንስሳት ዱር፣ ኣብቲ ዘፈር ዝግበር መፅናዕቲ ከምኡ ‘ውን ንሓደጋ ዝተጋለፁ እንስሳት ዱር መዕቆቢ ንምምስራት ዝከኣለሉ ኩነታት ሓቢርካ ንምስራሕ ተሰማዕሚዖም። እዚ ድማ ኣብ ቀፃሊ ምስ በዓል ስልጣን እንስሳት ዱር ብምፍርራም ስምምዕነት ብምግባር ናብ ስራሕ ከምዝእተው ‘ቶም ስራሕ መፈፀሚ ርክብ ህዝቢ ኣረዲኦም።



ኢትዮጵያ ብቱሪዝም ዲፕሎማሲ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት ዕውት ርክብ ምፍጣር ከምዝኽኣለት ዝዛረቡ ኣይተ ኣለማየሁ፤ በዚ ‘ውን ሚኒስትር ቱሪዝም ጀርዳን መከረም ሙስጠፋ ብምቕባል ክልቲኣን ሃገራት ኣብ ዘፈር ቱሪዝም ዘለወን ምትሕብባር ንምጥንኻርን ልውውጥ ልምዲ ንምግባር ዝኽእሉሎም ጉዳያት ምስ ኣምባሳደር ናንሲሴ ጫሊ ምዝታዮም ተዛሪቦም። ብፍላይ ኣብ ቱሪዝም ኢንቨስትመንት፣ ፕሮሞሽን፣ ሓለዋ ቅርስን ጥዕና ቱሪዝምን ብሓባር ንምስራሕ ስምምዕነት ምብፅሑ የረድኡ።

ኣይተ ኣለማየሁ ከምዝበልዎ፤ ኣምባሳደር ናንሲሴ ጫሊ ካብ ቱርኪ ምስ ዝመፅአ ልኡኽ ጉጅለ ‘ውን ኣብ ቤት ፅሕፈተን ምዝታየን ብምልዓል፤ ሰብ ሃፍቲ ቱርክ ናብ ኢትዮጵያ መፂኦም ኣብ ዘፈር ቱሪዝም ኢንቨስት ንክገብሩ ከምተዓደሙ ገሊፆም። ኣባላት እቲ ጉጅለ ኣብ ህንፀት ዓቅሚ፣ ቱሪዝም ጥዕና፣ ኣብ መዕረፊ ቱሪስትን ኣብቲ ዘፈር ልምድታቶም ብምክፋልን ልውውጥ ልምዲ ናይ ምግባር ድልየት ከምዘለዎም ምግላፆም ተዛሪቦም።

መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ 10 ሓደ ስራሕ ዕድል ናይ ምፍጣር ዓቅሚ ዘለዎ ዘፈር ቱሪዝም ኣብ ኢኮኖሚው ዓብዪ ተፅዕኖ ንክህልዎ ትኹረት ተዋሂብዎ እናተሰርሐ ምኻኑ ኣፍሊጦም።

ብፍላይ ኣብ ዝሓለፉ ኣርባዕተ ሓሙሽተ ዓመታት ሓደሽቲ ልምዓታት ቱሪዝም ብስፍሓት ተሰሪሖ ‘ዩ። ካብዚኦም ከም ወንጪ፣ ጎርጎራ፣ ሃላላ ኬላን መሰል ኣብ ተፈጥሮ ቱሪዝም ትኹረት ዝገበሩ ሓደሽቲ ቦታት ብብርኪ ዓለምለኸ ዘሎ ፍሰት ቱሪዝም ናብ ኢትዮጵያ ናይ ምስሓብ ዓቅሚ ከምዝህልዎም ይእመን። ይኹን ‘ምበር ካብ ህንፀት መሰረተ ልምዓት ጎና ጎኒ ሃፍትታት ቱሪዝም ኢትዮጵያ ብብርኪ ዓለምለኸ ምልላይ ኣድላይ ምኻኑ ሰብ ሞያ እቲ ዓውዲ ይመኽሩ።

ኣብ ኢትዮጵያ ልዕሊ 500 ቱር ካምፓኒታት፣ ልዕሊ 700 ድማ ሆቴላት ከምኡ ‘ውን ብዙሓት ኣቕረብቲ ምህርቲ ቱሪዝም ምህላዎምን፤ እዞም መዳርግቲ ኣካላት ናይ ባዕሎም ተፅዕኖ ክገብሩሉ ዝኽእሉ ኣወዳድባ ብምፍጣር ኣብ ምልላይን ስራሕቲ ዲፕሎማሲን ዝርኣይ ለውጢ ምምፃእ ከምዝከኣል ይግለፅ ‘ዮም።

ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ